ህዝባዊ ደሞክራሲ

ኣብ ከክልተ ወርሒ ዝሕተም ወግዓዊ ልሳን
ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ
(ደ.ግ.ሓ.ኤ)

ቅጽ 04 ቁ. 15ለካቲት 2014

መንግስቲ ህ.ግ.ደ.ፍ ስሱዕን ገባትን ጉጅለ እዩ፤

መ/ጉጅለ ህግደፍ ብተፈጥርኡ ስሱዕን ገባትን ስለ ዝኾነ ንኩሉ ነገር እንተዘይብሒቱን ተዘይተቐጻጺሩን ከም ስርዓት ክነብር ከምዘይክእል ስለዝኣምን ኩሉ ግዜ ኣብ ሽግርን ግጭትን ክነብር ዝተገደደ ጸረ ህዝብን ጸረ ደሞክራስን ሓይሊ እዩ። ሓቀኛ ባህሩን ተግባራቱን ከምኡ ስለዝኾነ እዩ ድማ ንስለ ልዑል ረብሓን ስልጣንን ዝናን ክብል ኣብ ውሽጡን ምስ ህዝብታትናን ተቓወምቲ ውድባትናን ንግዳም ድማ ምስ ኩለን መዳውብትና ዝኾና ሃገራትን ህዝብታተንን ካብ ናይ ውልቁ ድሌትን ረብሓን ምምላእ ዝብገስ ብቀጻሊ ውግእ እናኸፈተ ክቡር ሰብኣዊ ሂወት መንእሰያትናን ሃብቲ ሃገርናን ንከንቱ እናኣባኸነ፡ ኣብ ከባቢና ጽልእን ቅርሕንትን ዘይምትእምማንን ክህሉ እናገበረ: ልዕሊ 22 ዓመታት ዘቕኣረ ናይ ሞት፡ ስንክልና ዕንወትን ህልቂትን ተነጽሎን ኣብ ኩነታት ህዝብታትናን ሃገርናን ብዕምቆት ክሰፍንን ክቕጽልን ክገብር ጸኒሑን ይቕጽለሉ ኣሎን።

ጉጅለ ህግደፍ ካብ ሕማቕ ባርያቱን፡ ኣተሓሳስባኡን ዝብገስ ስሱዕን ገባትን ክነሱ፡ ኩሉ ጌጋታቱን ጉድለታቱን ሕፍር ሕንኽ ከይበለ ናብ ካለኦት ኣካላትን ህዝብታትናን ክላግብ፡ ክጽዕንን ክጸልምን እዩ ዝረአን ዝስማዕን።ንኣብነት ህዝቢ “ መብራህቲ ስኢና ተጸጊምና ገለ ፍታሕ ይግበረልና” ዝብል ርእይቶ ኣብ ዘቕርበሉ ግዜ፡ ”ኤለትሪክ ኣብ ክንዲ ንመብራህቲ ምጥቃም ንተለቪዥን፡ ንፍሪጅን መብሰሊ ምግብን ..ወዘተ ዝጥቀሙ ስሱዓት ገበቲ ሰባት’ዮም ኣብ ምውሓድ ኤለትሪክ ተራ ዝጸወቱ ዘለዉ” ብምባል ብብደዐ ምምላስ፤ኣብ ከተማታት ምስ ናይ ማይ ሕጽረታት ንዝለዓል ሕቶታት’ውን እንተኾነ፡ “ማይ ትኸዶ’ምበር ኣይመጸካን እዩ፡ብዙሕ ማይ ዝደለየ ሰብ ኣብ ቦታ ማይ ከይዱ ክሰፍር ኣለዎ ወይ ድማ ማይ ቆጢቡ ክጥቀም ኣለዎ፡ ማይ ዝያዳ ካለኦት እናተጠቕምካ ማይ ስኢንና ውሒዱና ማለት ግን ስሰዐ ኣዩ” ብዝብል ዘለፋን ተግሳጽን ክምልስን ህዝቢ ከሸቕ-ርርን’ዩ ወርትግ ዝፍትን ዘሎ። ከምኡ’ውን ኣብ ገጠር ዝነብር ህዝብና፡ ንነብሱን እንስስኡን ንሕርሻ/ልምዓት-መስኖ/ን ዝኸውን ማይ ብዓቕሙ ዒላ ብምኹዓት ወይ ካብ ወሓዚ/ዝዓቐረ ማይ ብምስሓብ ክጥቀም ኣብ ዝፍትነሉ ግዜ ”ናይ ማይን መሬትን ከባብን ምሕደራ፡ ሓላፍነትን ዋንነትን ናይ መንግስቲ ‘ዩ፡ኣብ ውሽጢ መሬት ይኹን ጽፍሒ መሬት ዝርከብ ማይ ዝኾነ ሰብ ከም ድላዩን ፈን ከም ዝበሎን ክጥቀመሉ ኣይክእልን’ዩ፡ ማይ ብሓባር’ምበር በብውልቀ ምጥቃም ኣይፍቀድን’ዩ፤ መንግስቲ ዲጋታት ብምህናጽ ንህዝቢ ናይ ማይ ጸገሙን ጠለቡን ክምልስ ኣብ ምጽዓር’ዩ ዝርከብ ዘሎ።

ስለዚ ካብ ስሰዐ እናተበገስካ ማይ ከም ድሌትካ ምጥቃም ክልኩል እዩ” ብዝብል ጨካንን ኣሸቕ-ራርን ግብረ መልሲ ይምልሶ። ንኣብነት፡ ብውልቀ ሰብ ይኹን ብቁሸት ደረጃ ዝስተ ማይ ንምርካብ ዝግበር ዒላ ምኹዓት ክጀረጽ ምግባር፡ ተኽዒቱ ንገልግሎት መስተ-ማይን ንጀራዲንን ክህብ ዝጀመረ እንተኾይኑ ድማ ኣገልግሎት ኣቑሪጹ ክድፈን ዝግበር ጨካን ተግባራት ክጥቀስ ዝካኣል እዩ። ኣረሜናዊ ስርዓት ህግደፍ ምስ ሕጽረት ኤለትሪክን ዋሕዲ ማይን ኣተሓሒዙ ብፍላይ ማይ፡ መሬትን ከባብን ቀዳምነት ንዕኡ ንብሕቱ ከም ዝብጽሑን፡ናይ ምምሕዳሩ ጉዳይ’ውን ንዕኡ

ጥራሕ ከም ዝምልከትን ገይሩ ብምውሳድ ኣብ ልዕሊ ህዝብታትና ዝገብሮ ዘሎ እኪይ ተግባራቱ ካብ ጨካን ባህርያቱን ገባቲ ድሌታቱን ዝብገስ'ምበር ካብቲ ኣብ ኤርትራ ኣሎ ዝብሎ ናይ ማይ ዋሕዲ ዝብገስ ኣይኮነን። ብሓቂ ካብኡ ዝብገስ ሓልዮትን ጥንቃቐን እንተዝኸውን ነይሩ'ሞ ንመንግስቱን መንግስታዊ መሓውራቱን ዝኾኑ ወታሃደራውን ስቪላውን መራሕቲ ተፈጥሪዊ ሃብትና ዝኾነ ማይ ብዘይቁጠባን ብዘይሓላፍነትን፡ ነጻ ጉልበት መንእሰያትና ብምጥቃም፡ ህዝብታትና ብጽምኣምን ብጥምዮምን እንከለዉ መጠን-ኣልቦ ሓለፋዊ ጠቕምን ሃብትን ከውንኑን ከጥቀሙን ኣይምተገበአን ነይሩ።

እቲ ጉዳይ ግን ናይ ሓይሊ፡ ዓመጽን ኣድልዎን ግቢታን ጉዳይ ስለ ዝኾነ መ/ህግደፍ "ኣነ ክበልዕን ክጥቀምን፡ንስኻትኩም ጥመዩን ተዓዘብቲ ኩኑን" ዝብል ዘይሓላፍነታዊ ባህርን ዕላማን ዝውንን ስለ ዝኾነ ዝፍጽሞ ዘሎ ከቢድ ምምሕዳራዊ ገበን እዩ። ኣብ ኤርትራ ብዛዕባ ከርሰ-ምድራዊ ዋሕዲ ማይ ምህላዉ ዝተረገጸ ጉዳይ ዲዩ? ዝብል ጉዳይ ንግዚኡ ንመጽናዕቲ ሓዲግና፡ ዋሕዲ ማይ ከም ዘሎ ጭቡጥ መረዳእታ እንተሃልዩ'ኸ እቲ ፍታሕ ህዝቢ ማይ ከይጥቀም ዝእግድ ጨካን ውሳነ ምሃብ ዘይኮነስ ማይ ብቁጠባ እናተጠቐመ፡ ከርሰ-ምድራዊ ትሕዝቶ ማይ ከሰስኑ ዝኽእሉ ተግባራት ብፕላን ምስራሕ እዩ እቲ ቅኑዕ መማረጺ ሓሳብ ዝኾውን። ጉጅለ

ህግደፍ ግን መሬትን ከባብን ናይ ምዕቃብን ምልማዕን እስትራተጂ ስለ ዘይብሉ ዝርካቡ ተፈጥራዊ ሃብትና ንብሕቱ ገቢቱ እናተጠቐመ ኣብ ሃገርና ዘላቒ ልምዓትን ዕቤትን ንከይህሉ፡ ተፎጥራዊ ሃብትና ብኣገባብ ከይንዕቅቦን ከይንጥቀመሉን ገታእን ኣዕናውን ተግባራት ኣብ ምፍጻም ዝርከብ ዘሎ ገባቲ ጉጅለ እዩ።

እዞም ዝተጠቐሱ ውሱናት ነጥብታት ካብ ብዙሓት ሕማቕት ባህርያት ናይ መ/ህግደፍ ዝኾኑን ካልኦት ዘይተጠቐሱን ካበይ 'ዮም ዝብገሱ? መ/ህግደፍ ገባቲ ጉጅለ'ዩ ክበሃል ከሎ'ኸ ብከመይ'ዩ ዝግለጽ? ዝብሉ ነጥብታት ብከምዚ ዝስዕብ ክንርኢ ከለና፤

1. ኣብ ፖለቲካዊ መዳይ፤ ናይ መ/ህግደፍ ፖ/ዊ ኣተሓሳስባ፡ ዝተፈላለዩ ኣተሕሳስባን እምነታትን ክህልዉ ኣይኣምንን፡ ፖ/ዊ ስልጣን ብውሑዳት ክታሓዝን ንውሑዳት ክገልግልን ኣለዎ ዝብል ገባቲ እምነት 'ዩ ዘለዎ።ስለ ዝኾነ ድማ ኣብ ኤርትራ ሓደ ፖ/ዊ እምነትን ሓደ ሰልፍን ጥራሕ ክህሉ፡ ዜጋታት ህዝብታት ፍሉይ ናትና ዝብሉዎ ፖ/ዊ እምነት ይኹን ፖ/ዊ ሰልፊ /ውዱብ/ ክይህልዎም፡ ካብ ሓደ እምነትን ውደባን ወጻኢ መማረጺ ንክይረኽቡን ንክይጥቀሙን ብምእጋድ ብሓይልን ጸቕጥን ዝሰርሕ ዓምጣርን ገባትን ጉጅለ 'ዩ። በዚ ኣዕናዊ እምነትን ኣሰራርሓን እዚ ድማ ፖ/ዊ እምነት፡ ፖ/ዊ ስልጣንን ተሳትፎን ናይ ህዝብን ዜጋታትን ከም ዝድረትን ዝቦኸርን ብምግባር፡ ኣብ ፖ/ዊ መዳይ ፍጹም በሓትን ገባትን ሃዋሁ ከም ዝሰፍን ብምግባር'ዩ ብሕሱም ዝገዝእ ዘሎ። እዚገባትን ኣዕናውን ኣተሓሳስባን ተግባራትን'ዚ ዝፈጠሮ ጠንቂ 'ዩ ድማ ኣብ ሃገርና ብዙሕነታዊ ኣተሓሳስባን ተዋሰኦን፡ ሃገራዊ ቅዋምን፡ ኣብ ሃገርና ንከይህሉ፣ ፖ/ውን ሕጋውን ናይ ህዝቢ ደገፍ ዝረኸበ ሕጋዊ መንግስቲ ንከይምስረት፡ ኣብ ሃገርና ሕግን ሕጋውነትን ከይሰፍን፡ ህዝብታትና ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰል ጨቢጦም ከም ህዝብታትን ዜጋታትን ሰብኣውን ፖ/ውን ልኡላውነቶም ኣረጋጊጾም ብሰላም ከይነብሩን ክይንቀሳቀሱን ኣብ ጐደና ልምዓትን ዕቤትን ንከይጓዙ ተሓሪሞም መሰል-ኣልቦ ብምኺን ብድኽነትን ዝተፈላለዩ ማሕበራዊ ጸገማትን እናተሳቐዩ ኣብ ናይ ተነጽሎ ኩነታት ክነብሩን ንምፍንቓልን ስደትን እናተሳጥሑ መዘና ዘይብሉ ሕሰመ-መከራ ከሕልፉ ዝግደዱ ዘለዉ።

2. ኣብ ኢኮኖሚያዊ መዳይ፤ ኣሬሜናዊ መ/ህግደፍ ከምቲ ኣብ ፖ/ዊ መዳይ ንስልጣኑን ጠቕሙን ቀዳምነት ዝሰርዕ፡ ኣብ ኢኮኖምያዊ መዳይ'ውን ቀዳምነት ንጠቕሙን ልዕልንኡን ስለ ዝሰርሕ፡ ገባቲ ተግባራቱ ብዝለዓለ ዝግለጸሉ መዳይ እዩ። ንኣብነት ኣብ ሕርሻ፡ ዝለዓለ ጠቕሙን ዕብለላኡን ንምርግጋጽ ክብል፡ "መሬት ናይ መንግስቲ'ዩ" ብዝብል ዓማጺ ኣምር ዝሰፍሐን ዝለምዐን ፍርያም መሬት ብምግባት ይጥቀም፡ ኣብ ትሕቲ ሓረስቶት /ገባሮ/ ዝርከብ ብዙሕ ፍርያት ክህብ ዝኽእል ግራውቲ መመሪጹ ኣብ ኢዱ ብምእታው፡ ነቲ ዝበዝሐ ሓረስታይ ሕብረተ-ሰብና መሬት ናይ ምውናን መሰሉ ብምድራት፡ ኣብ ፍርያት ዘይህብን ረቂቕ ግራውቲ /ቃጸያታት/ እናተዋፈረ ምስ ዘፍስሶ ኩሉ መዳያዊ ጉልበትን ጻዕርን ዘይመጣጠን እቶት ክረክብ ይግደድን ናብ ዝተፈላለዩ ማሕበረ-ኢኮኖሚያዊ ሽግራት ክሳጣሕን ደመና ስእነትን ድኽነትን እናንጸላለዎ ኣብ ኩሉ-መዳያዊ ታኼላ ጸገማት ክነብር ተፈሪዱ ይርከብ ኣሎ።

ስለ ዝኾነ ሓረስታይ ሕ/ሰብና ሰላም፡ ደሞክራስን ፍትሕን ረኺቡ መሬት ናይ ምርካብ መሰል ኣረጋጊጹ ንክጥቀምን ሃገሩ ከልምዕን ክብል ዝኽፈሎ መስዋእቲ፡ ውጽኢት ኣልቦ ኮይኑ ኣብ ዜግነታውን ሃገራውን መንነቱን መንፈሱን ባዶነት እናተሰመዖ ናብ ኩሉ መዳያዊ ሓሳረ-መከራ ተሳጢሑ ኣብ ምስቓይ'ዩ ዝርከብ ዘሎ። ጠንቂ ናይ'ዚ ፖ/ውን ቁጠባውን ሽግራት እዚ ድማ ናይ መ/ህግደፍ ገባቲ ፖ/ውን ቁጠባውን ባህርን ተግባራትን ዝፈጠሮ እዩ።

ኣብ መዳይ ንግዲ እንተርኢና'ውን ጉጅለ ህግደፍ ነዚ ጽላት እዚ ገቢቱ ብምሓዝ ዝኾነ በዓል ውልቀ-ሃብቲ ርእሰ-ማሉ ኣዋፊሩ ተጠቃሚ ንክይከውን ብዙሓት ማሕለኻታትን ዕንቅፋታትን ብምፍጣር፡ ማለት ሰፍ ዘይብል ግብርን ቀረጽን ብምጽዓን፡ ብሕሱር ዋጋ ዝሸጣ ናእሽቱ ትካላት ብምውዳብ፡ በስገዳድ ሸር /ብርኪ/ ብምእታው ...ወ.ዘ.ተ ክኽስርን ካብ ውድድር ወጻኢ ክኸውንን ብምግባር መ/ህግደፍ ኣብዚ መዳይ'ዚ ገባትን ዓብላልን ተራ ኣብ ምጽዋት ይርከብ ኣሎ። እዚ ገቲ ተግባራት'ዚ ድማ ሃገርና ካብ ነጋዳይ ክፍሊ ሕ/ሰብና ክትረኽቦ ዝግባእ እትዋት/ኣታዊ/ ክትስእን ዝገብር ዘሎ 'ዩ። ኣብ መዳይ ኣገልግሎት መጓዓዝያ'ውን እንተ'ኾነ፡ ናይ ብሕቲ

መጓዓዝያ ብናቱ ናይ መጓዓዝያ ካምፓኒታት ተደፊኤንን ተዓብሊለንን ከም ዝወጻ ብምግባር፡ ንብሕቱ ገቢቱ ዝጥቀመሉ ዘሎ ጽላት ናይ ቁጠባ እዩ። ኣብዚ መዳይ'ዚ ድማ ናይ ብሕቲ ወፍርን ተሳትፎን ከይህሉን ከይዓብን ብምግባር ሃገራዊ ቁጠባ ክርመስን ክወድቕን ይገብር ኣሎ።

ኣብ መዳይ ዕደና፡ መ/ህግደፍ ዝኾነ ይኹን ናይ ወዲ-ሃገር በዓል ሃብቲ ተሳትፎ ብምሕራም፡ ምስ ናይ ወጻኢ ኣውፈርቲ ካምፓኒታት ብምሽራኽ ክቡር ሃብቲ ሃገር እናጓሕጐሐ ኣታዊታቱ ናብ ናይ ብሕቲ፡ ጉጅላውን ግንባራውን ካዝናታቱ እናኣዋህለለን መራሕቲ ህግደፍ ንሕማቕ

መዓልቲ/ድሕሪ ስዕረቶም/ከኾኖም ኣብ ዝተፈላለያ ሃገራት ብሚልዮናት ዝቑጸር ዶላራት ይዓቕሮሉ ኣለዉ። ኣብ መዳይ ዕደና ጸላኢ ዝረኽቦ ዘሎ ገንዘብ ብስም ሃገራዊ ኣገልግሎት ጻማ ዘይክፈሎ ነጻ ጉልበት መንእሰያት ኤርትራ ብምጥቃም ይሰርሕ ብምህላዉ ድማ፡ ህግደፍ ኣብዚ መዳይ'ዚ ዝፍጽሞ ዘሎ ባርነታዊ /ዘመናዊ-ጊላዊ/ ምዝመዛ ንህዝብታትናን ሃገርናን ዝብድልን ዝደቁስን፡ ንሕ/ሰብ-ዓለም ዘሰክሕን ዘዛርብን ዘሎ ኣሬሜናዊ ገባቲ ተግባራት 'ዩ። ኣብ መዳይ ዕደና ተፈጥራዊ ሃብትና ብምሻጥ ዝርከብ ዘሎ መጠነ-ገዚፍ ገንዘብ ኣብ ጠቕሚ ህዝብናን ሃገርናን ብዘይምውዓሉ ጉጅለ ህግደፍ ካብ ዝፍጽሞም ዘሎ ናይ ጭከናን ግበታን ተግባራት እቲ ዝዓበየ በዳሊ ህዝብን ሃገርን ተግባራቱ እዩ።

ኣብ መዳይ ህንጻ፡ ኣብ ኤርትራ ናይ ውልቂ ኮንትራክተር ወይ ሃናጺ ፍልጠቱ ሃብቱን ተጠቒሙ ኣብ ህንጻታዊ ስራሓት ተዋፊሩ ንገዛእ ርእሱ ተጠቒሙ ኣብ ጠቕሚ ህዝብን ሃገርን ተርኡ ዝጸወት ዜጋ ዳርጋ የለን፡ ካብ'ዚ ስራሕ'ዚ ተገሊፉ ክባሃል ዝካኣል 'ዩ። እዚ ከኣ ነቲ ብመስዋእቲ ደቂ ሓፋሽ ህዝብታትና ዝተረኽበ ጥረ ገንዘብን ንዋትን ሃብቲ ገቢቱ፡ ወዲቡ ዝመስረተን ናይ ህንጻ ካምፓኒታት ብምጥቃም ንናይ ውልቀ ሰብ-ሃብቲ ተራን ካምፓኒታትን ንገለ ብዝተፈላለየ ዓንቀፍቲ ሜላታት፡ ንገለ ድማ ሽርክና/ፍርቂ/ ብምእታው ውሒጡ ካብ ስራሕ ወጻኢ ብምግባር ንብሕቱ ስለዝተቐጸጸሮ'ዩ። እዚ ኣብ ልዕሊ ውልቀ ሰብ ሃብትን ሃገራዊ ቁጠባን ዘስዕቦ ዘሎ ውድቀትን ክሳራን ኮይኑ፡ ኣብ ልዕሊ'ቶም ብዘይ ጻማ ዝሰርሑ መንእሰያትናን ቤተ-ሰቦምን ድማ ብፍላይ ዘብጽሖ ዘሎ ጭካነ ዝመልኦ በደል መዳርግቲ የብሉን። እዚ ተግባራት እዚ ድማ ናይ መ/ህግደፍ ገባቲ ተግባራት ዝግለጸሉ ጥራሕ ዘይኮነስ ኢሰብኣዊ ጭካነን ኣረሜንነቱን ዝግለጸሉ መዳይ'ውን እዩ።

ጥቕልል ብዝበለ ኣገላልጻ ገባቲ ጉጅለ ህግደፍ ኣብ ኢኮኖሚያዊ መዳይ መሬት ንብሕቱ ብሓይሊ ብምውናን ኣብ ሕርሻ፣ ኣብ ንግዲ፣ ኣብ ኣገልግሎት/መጓዓዝያ፣ ኣብ መዳያት ዕደናን ህንጻን...ብዘካይዶ ዘሎ ፍጹም ብሕትውናን ግቢታን፡ ኣብ ሃገርና ብፕላን ዝምራሕ ናይ ልምዓት እስራተጂ ንከይህሉ ብምዕጋት፡ ህዝብታትና ኣልሚያም ከይጥቀሙን ንዕቤቶምን ዕብየት ሃገሮምን ንከይሰርሑን ብምግባር ናብ ስእነት ድኽነትን ዝተፈላለዩ ሓሳረ-መከራታትን ምፍንቓልን ስደትን ክሳጥሑ፡ ሃገርና ድማ ብኢኮኖሚ ክትርመስን ናብ ዝኸፍኤ ናይ ፍሽለት ኩነታት ከተአንፍትን ገይሩዋ ይርከብ ኣሎ።

3. ኣብ ማሕበራውን ባህላውን መዳያት፡ ኣረሜናዊ ስርዓት ህግደፍ ዝፍጽሞም ዘሎ ጭቆና፡ በደላት፡ ህልቂትን ዕንወትን ካብ ማሕበራዊ ብዙሕነት ናይ ብሄራትን ብሄረ-ሰባትን ህዝብታት ኤርትራ ዘይቐበል ዓብላልን ነጻግን ባህሪኡ'ዩ ዝብገስ። እዚ ከኣ "ኣብ ኤርትራ ናይ ቋንቋ ጉጅለታት'ምበር ብሄራት ዝበሃላ የለዋን" ዝብል ከሓዲ መርግጹ'ዩ ዝብገስ። ነዚ ከሓድን ጸረ ወድዓዊ ህልውና ናይ ሕ/ብረተ-ሰብና እምነቱ ተግባራዊ ንምግባር ድማ ህዝብታትና /ብሄራትና/ ከም ህዝብታት ብቋንቋኦምን ባህሎምን እናተጥቐሙ መንነቶም ከይገልጹን ባህሎም ከየማዕብሉን፡ ንመሰሎም ከይሓቱን፡ ናይ ገዛእ ርእሶም ምምሕዳር መስሪቶም ሂወቶም ከይመርሑን ታሪኾም ንከይዕቅቡን ብታሪኾም ከይኮርዑን፡ ብምዕጋት'ዩ ኩሉ መዳያዊ ጭቆና ዘካይድ ዘሎ። ካብ'ዚ ኢሰብኣዊ ባህርን ኣታሓሳስባ'ዚ ብምብጋስ ድማ ንህዝብታትና ናብ ሓደን ዝተሓናፈጸን ህዝቢ ንምቕያር ናይ ማሕበራዊ ህንድስና ሜላ ተኽቲሉ ክሰርሕ ጸኒሑን ይሰርሕ ኣሎን። ነዚ ገባትን ዓምጣርን ርኹስ ዕላምኡ ክውን ንምግባር ድማ፡ ብሄራትና ኣብ ብዙሕ ምምሕዳራዊ ዘባታት ተኻፋፊሎም /ተመናኒሆም/ ክመሓደሩ ብምግባር ኣብቲ ዝተወደብሉ ምምሕዳራዊ ቅርጻታት፡ ብቋንቋኦምን ባህሎምን ናይ ምጥቃም ዕድሎም ጸቕጥን ከበባን ብምፍጣር፡ ብሓደ ካብ ናይ ብሄራትና ዝኾነ ቋንቋ ትግርኛ ግድን ክጥቀሙን ከዘውትሩን የገድድ ኣሎ። ከምኡ'ውን

ብስም ርቀትን ጽበትን ናይ ተሓራሳይ መሬት ብምምስማስ ካብ ሓደ ከባቢ ናብቲ ካልእ ከባቢ ህዝቢ ብምውሳድ ኣብ ልዕሊ'ቶም ኣብቲ ቦታ ዝጸንሑ ብሄራት /ህዝብታት/ ጸቕጥን ድፍኢትን ብምጽንባር ሓደን ዝተሓናፈጸን ህዝቢ ንምፍጣር ክፍትኖ ዝጸንሐ መደብ /ዋላእኳ ይሰልጦ እንተዘይሃለወ/ሓደ መልክዕ ናይ'ቲ ሓደ ሕ/ሰብ ናይ ምፍጣር ባህጉ ርኹስ ማሕበራዊ ውጥኑ 'ዩ።

በቲ ካልእ ገጽ ድማ ነቲ ዝተፈላለየ መግለጺ መንነትን መልክዕን ናይ ዝተፈላለያ ብሄራትን ብሄረ-ሰባት /ህዝብታት/ ኤርትራ ኣብ ነዊሕ መስርሕ ናይ'ቲ ዝደልዮ መልክዕ ሕንፋጽ ሕ/ሰብ ንምቕራጽ ከኽእሎ ኢሉ ኣብ መደበር ታዕሊም "ሳዋ" ካብ ዝተፈላለያ ብሄራት ዝውለዱን ዝተዋጽኡን ዕሸላት ቆልዑትን መንእሰያትን ጸታ ብዘይፈሊ ብሓደ ቋንቋን ባህልን፡ ብእንኮ ፖ/ዊ እምነትን ብምምልማል ካብ ደሞክራስያውን ፍትሓውን ፖለቲካዊ እምነትን ኣተሓሳስባን ዝተፈለየን ዝሓንገደን ናይ መላኽን ተመላኽነትን ተነጻጻግነትን ንጹልነትን ስነኣእምሮ ብምህናጽ፡ ካብ'ቲ ናይ ህዝብታትና /ብሄራትና/ ባህልን ስነ-ምግባርን ከም ዝንጸሉ ገይሩ ብምምልማል ሓድሽን ዝተሓናፈጸን ወለዶ ናይ ምፍጣር ዘርእዮ ዘሎ ሓንፋጺ ፈተነ ካብ ወድዓውን ታሪኻውን ኩውንነት ሕ/ሰብና ወጻኢ ዝኾነ ሓድሽ ማሕበራዊ ኩውንነት ንምፍጣር ዘካይዶ ዘሎ ኣዕናዊ ማሕበራዊ ፈሉልነት'ውን ሓደን ዝዓበየን ሓደገኛ ማሕበራውን ባህላውን ፈተነ ተገይሩ ዝውሰድ እዩ።

ኣብ ባህላዊ መዳይ'ውን፡ ከምቲ ሓደ ዝተሓናፈጸ ሕ/ሰብን ሓደ ቋንቋን ንከህሉ ዝጽዕሮ ዘሎ እከይ ስነ-ምግባር ብተመሳሳሊ ሓንፋሽን ረማስን ተግባራት'ዩ ዘካይድ ዘሎ። እዚ ከኣ ሓደ ቋንቋ ዝዛረብን ሓደ ባህሊ ዘዘውትርን ሕ/ሰብ ናይ ምህናጽ መኻን ሕልሙ ከዐውት ክብል ብ "ባህላዊ ጉዳያት ህግደፍ" ዝፍለጥ ትካል ብምውዳብ ንኩሉ ባህልታት ናይ ሕ/ሰብና ኣብ ሙዚቃውን ሳዕሲዒታውን ዝተፈልየ ስታይል /መልክዕ ክሕዝ ብምግባር፡ ንህልዊ ወድዓዊ ኩነታትን መጻኢ ምዕባለ ናይ ሕ/ሰብናን ዘየንጻባርቕን ዘይዕቅብን ንፖ/ዊ እምነትን ባህግን ናይ'ቲ ገባቲ ስርዓት ዝገልጽ ዝውድስን ዝከላኸልን እዩ። እዚ ፈተነ'ዚ ድማ ህዝቢ መንነቱ እናህሰሰ ኣምላኽን ሰዓብን ናይ'ቲ ኣዕናዊ ጉጅለ ክኸውን ዝድርኽ፡ ኣብ ክሊ ጸቢብን ኣስካርን ሃገራዊ ስምዒት መሊኡ ክጽመድን ብስነ ኣእምርኡ ጀሆ ተታሒዙ መንነት ኣልቦ ክኸውን ዝዓለመ ባህላዊ ወራርን ድውሰት /ብክላ/ን'ዩ ዘካይድ ዘሎ። እዚ ማሕበራውን ባህላውን ብደሆታት እዚ ብጋንኤ /ብኣጋ/ ብቃልሲ ክዕገት እንተዘይተኻኢሉ ድማ ናይ ህዝብታትና ክቡራትን ተባሃግትን ባህልታትን ልምድታትን ብምልኣት ተዓቂቦም ናብ ተካኢ ወለዶ ምውርራስ ንክይህሉ ዝገብር ባህልዊ ብደሆ እዩ ዝምዕብል ዘሎ። ስለዚ ወድዓዊ ህልውናን ቀጻልነትን ናይ ህዝብታትና/ብሄራትና ክዕቀብን ክውሕስን፡ ባህልታቶምን ልምድታቶምን ተኽቢሩን ተዓቂቡን ናብ ውሉድ ወሎዶና ክሰጋገርን ክውረስን ክበቕዕ፡ ናይ ሂወት ኣድሕን ኩሉ መዳያዊ ቃልሲ ኣሐይልና ከነካይድ ወድዓዊ ጸገማት ናይ ህዝብታትና ካብ ዝኾነ ግዜን ኩነታትን ንላዕሊ ይጠልበና ስለ ዘሎ ንድሕነቱን፡ ውሕስነቱን ቀጻልነቱን ክንረባረብ 'ዩ ዝህልወና።

ጉጅለ ህግደፍ ተራ መላኺ/ዲክታቶር ዘይኮነስ ፍጹም መላኽን ገባትን ስርዓት'ዩ። ስለ ዝኾነ ዋላ ንዝነኣሰ /መባእታዊ/ጉዳያት'ውን'ዩ ኹን፡ ኣብ ፖ'ዊ፡ ቁጠባዊ፡ ማሕበራውን ባህላውን፡ምምሕዳራውን...ወ.ዘ.ተ.ሕድግት ዘይገበር፡ እስተሓኮ ዘይብሉ፤ብዘይቅሱን ስነ-ኣኣምሮን መፈስን፡ ዘይርኑእ ሂወት ዘሕልፍ ጉጅለ እዩ። ስለ ዝኾነ ንኩሉ ነገር ብዓይኒ ጥርጠራ ዝርእን ብሓይልን ጐነድን ከፈትሕ ዝግደድ ጉጅለ 'ዩ። ንኣካላትን ኣታሓሳስበኣምን ደሪቡ ዝሃርም ዘጥፍእ መንፈስ-ኣራዊት ዝተላበሰ ጭፍራ ኣረሜናት 'ዩ። መ/ህግደፍ መወዳድርቲ ዘየብሉ ስሱዕን ገበትን እዩ እንተተባህለ ብልክዕ ዝገልጾ ሚዛንምበር ጌጋ ወይ ዝተጋነነ ገምጋም ኣይኮነን። ብገለ ተቓወምቲ ወገናት ግን፡ "መ/ህግደፍ ዲክታቶርያዊ ጉጅለ'ምበር ገባቲ ኣይኮነን፡ ምኽንያቱ እዚ ጉጅለ'ዚ ገባቲ ኩብሎ ዝኽእል ናይ ገዛእ ርእሱ ስነ-ሓሳብ ስለዘይብሉ"ዝብል ዘይወድዓውን ዘይቅኑዕን ርእይቶ ክህቡ ይስምዑ 'ዮም። እዚ ርእይቶ'ዚ ብመሰረቱ ጌጋ እዩ። ምኽንያቱ፡ መ/ህ.ግ.ደ.ፍ. ንምግዛእ፡ ጭቆናን ምዝመዛን ምስቓይን...ወ.ዘ.ተ. ዘገልግል ፖለቲካውን ስነ-ሓሳባውን እምነት ኣለዎ 'ዩ። ምኽንያቱ ብዘይ ፖ'ውን ስነ-ሓሳባውን እምነት ዝህሉን ዝገዝእን ስርዓት ኣብ ዝኾነ ሃገር፡ ከባብን ዓለምን ክህሉ ኣይክእልን'ዩ። ክሳብ ሕጂ ኣይነበረን ክነብር'ውን ኣይክእልን 'ዩ። ርእይቶ

ናይ'ዞም "መ/ህግደፍ ገባቲ ኣይኮነን፡ ገባቲ ክንብሎ'ውን ኣይግባእን" ዝብሉ ኣካላት ኣሉታዊ ጎኒ 'ምበኣር ጉጅለ ህግደፍ ብሓቀኛ ባህርያቱን ተግባራቱን ንከይግለጽን ከይፍለጥን ብኣንጻሩ ብትሕተ ሓቀኛ መግለጺኡ ንክግለጽ ዝደፋፍእ 'ዩ። እዚ ከኣ ሓፋሽ ህዝብታትና እቲ ኣብ ልዕሊኡም ዝወርድ ዘሎ ጭቆና፡ ምዝመዛን ኩሉ መዳያዊ ሓሳረ-መከራን ካብ ስሱዕን ገባትን ሓቀኛ ባህርያቱን ተግባራቱን እናተበገሰ ዝፍጽሞ ዘሎ ምኽኑ ምልኣት ዘለዎ ፍልጠትን ገምጋምን ብምጭባጥ ቃልሶም ኣደልዲሎም ንከይቃለሱ ኣብ ምግባር ናይ ገዛእ ርእሱ ዘይወሳኒ ኣስተዋጽኦ ዘበርክት'ዩ። ይኹን'ምበር ሓፋሽ ህዝብታትና ተቓለስቲ ውድባቶምን ብናይ ተለሳለስትን ጸገንትን ተንሳፋፊ ዘይርጡብ ፖ'ዊ ኣረኣእያታትን መንፈሳትን ከይተዳናገሩን ከይተሓልኩን ንኣረሜናውን ገባትን መ/ጉጅለ ህግደፍ ምስ ናይ ጭቆና፡ ዓፈናን ጭፍጨፋን መሓውራቱ ንሓንሳእን ንሓዋሩን ብቃልሶም ብምውጋድ፡ ኣብ መቓብሩ ሓድሽ ናይ ደ/ዊ ለውጢ መድረኽ ብምኽፋት፡ ህ/ዊ ደሞክራስያዊ መንግስቲ ብምምስራት፡ ተጠቀምቲ ናይ ሰላምን ምርግጋእን፡ ደሞክራስን ልምዓትን ፍትሕን ርትዕን ክኾኑ ከም ዝበቐዑ ዘጠራጥር ነገር የለን ኣይክህሉን'ውን እዩ።

ናይ ኩሎም ፖለቲካዊ ሓልታት ኤርትራ ሓደ ናይ ሓባር ጽላል ንምቕያም ዝተብጽሐ ስምምዕ፡ ኣብ ሓድነት ደምበ ተቓውሞ ኤርትራ ሓደ ስጉምቲ ንቕድሚት'ዩ።

መድረኽ ምምኽኻር ፖለቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ ተፋላልዩ ንዝጸንሐ ሓይልታት ደምበ ተቓውሞ ኤትርራ ንምቅርራብን፣ ንህልዊ ኩነታት ሃገርናን ዞባናን ብመጽር ደሞክራስያዊ ተጋድሎና ብሓፈሻ ብፍላይ ከኣ ሕቶ ሰላምን ደሞክራስን ንምርግጋጽ ዘካይድዎ ቃልሲ ሓያልን ድኹም ጎኒ ደምበ ተቓውሞ ኤርትራ ንምግምጋምን፣ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ብሓፈሻ ብፍላይ ከኣ ኣብ መንጎ መንግስቲ ኢትዮጵያን ደምበ ተቓውሞ ኤርትራ ንምዝምዛን፣ ኣብ መንጎ ክልቲኡ ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ብሓፈሻ ብፍላይ ከኣ ኣብ መንጎ መንግስቲ ኢትዮጵያን ደምበ ተቓውሞ ኤርትራን ዘሎ ናይ ሓባር ጉዳይ ንምዝታይ ካብ 23-27 ነሓሰ 2013 ኣብ ኣዲስ ኣበባ ቀዳማይ ኣኼብኡ ከም ዘካየደ ዝፍለጥ እዩ። እዚኣም ኣብ ኢትዮጵያ ኣብያተ ጽሕፈታት ዘለዎም ፖለቲካዊ ውድባትን ሰልፍታትን እዚኣም፡ ዋላ እኳ መብዛሕትኦም ብደረጃ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዝተጠርነፉ ይኹኑ ደኣምበር፡ ብደረጃ ፖለቲካዊ ሓይልታት ብደረጃ ግንባራት ከም ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳንን ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር /ኤደግ/ን ዝኣመሰሉ ጽላላት ዝተጠርነፉ፡ ገለ ውን ካብዚ ወጻኢ በበይኖም በብውልቀ ውድባቶም ተፈላልዮም ክቃለሱ ዝጽንሑ ምኽኖም ዝፍለጥ እዩ።

ደምበ ተቓውሞ ኤርትራ ምስ'ቲ ኩሉ ባዕላውን ወድዓውን ጸገማቱ ንጸረ-ህዝቢ ምልካዊ ስርዓት ህግደፍ ብጽንዓት እንዳመከተን እንዳኣቃለዐን ኣላሽ ከይበለ ምቐጻሉ፣ ብመንጽር ዝሓለፈ ተመኩሮ ሰውራ ኤርትራ ዋላኳ እቲ ናይ ምንጽጻግን ዘይሃናጺ ውድድራትን መሊኡ ዘይበለየ ይኹን ደኣምበር፡ ብመጠኑ ተኻኣኢልካ ሓቢርካ ምቐላስን ዝተገብሩ ጻዕርታን ዝተመስረቱ ሰፋሕቲ ግንባራትን ከም ሓደ ኣወንታዊ ጎኒ ዝራኣዩ 'ዮም። ከምዚ ይኹኑ ደኣምበር ካብ ጸቢብ ውልቃውን ጉጅላውን ውድባውን ሕሳባትን ጸረ ሓድነትን ጸረ ደሞክራስን ዝኾኑ ናይ ትምክሕትን ጽበትን ድሑር ኣተሓሳስባታትን፣ ወገንን ኣውራጃን ሃይማኖትን ብውሽጢ ጉዝጓዝ እንዳገበርካ ዝካየድ ዘይሃናጺ ጎጃጃሊ ጎስጓሳትን ተግባራትን መሊኡ ዘይተናገፈ ምኽኑ፤ ካልኣዊ ፍልልያት ካልኣዊ ቦታ ኣብ ምትሓዝን ህዝብን ሃገርን ማእከልካ ጌርካ ንእዋናዊ ተባራዕቲ ጉዳያት ቀዳምነት ሂብካ ኣብ ምርብራብ መሊኡ ዘይበቐዐ ምኽኑ፣ ሕቶ ሓድነትን ሕቶ ፖለቲካዊ ደሞክራስን ኣብ ምምላስ ጸዕርታቱ ኣሐይሉ ንውሽጡን ንሕብረተ-ሰብን ኣብ ምልዋጥ ነዊሕ ራሕቂ ዘይከደ ምኽኑ፣ ሕቶ ፖለቲዊ ስልጣን ንቕድሚት እንዳመጸ ዝኽሰቱ ምፍንጫላትን ምስሕሓባትን ኣብ ነንሕድሕዱ ዘይምትእምማን ዝፈጥሩን ጉዕዝኡ ዘተዓናቕፉን ኣብ ጸላኢኡ ከየተኩር ዝገብሩን፣ ኣብ ዝተፋላለዩ እዋናዊ ሃገራዊ ጉዳያት መሊኡ ሓባራዊ ግንዛበ ኣብ ምሓዝን ሓባራዊ ፖለቲካዊ መልእኽቲ ኣብ ምምሕላፍን፡ ብሓደ መርሆን ኣንፈትን ሓባራዊ ኣመራርሓን ኣብ ምሃብ ተጸጊሙ ዝጸንሐ ምኽኑ ዝፍለጥ'ዩ።

ካብ'ዚ ወጻኢ ደምበ ተቓውሞ ኤርትራ ሓደ ካብ'ቲ ድኹም ጎንታቱ ህላዌኡ ኣብ ኤርትራ ማለት ውዳበኡን ንጥፈታቱን ገና መሊኡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘሎ ሰፊሕ ውጹዕ ክፍልታት ሕብረ-ሰብና ዘይጸለወን ዘይተሳጋገረን

ምኽኑ ዝዓበየ ዓቕሙ ካብ ሃገር ወጻኢ ምህላዉ፣ ብወሳንነት ከኣ ሕመረት ናይ ድኽመቱ ንቕድሚት ዝውጥጥ ብኩራት ስሙርን ብቑዕን መሪሓዊ ዓቕሚ ዘይወነነ ምኽኑ... ወዘተ ዝኣመሰሉ ቁልፊ /ቀንዲ/ ካብ ዓበይቲ ድኽመታቱ ምኽኖም ምግንዛብ ይካኣል። ከም ውጺኢት ናይ'ዚ ድኽመታት'ዚ ከኣ'ዩ እቲ ናይ ልዝብ ኣብ ዘይመሰረታዊ ካልኣዊ ጉዳያት ሕድገታት ናይ ዘይምግባርን ናይ ዘተ ባህሊ ከምቲ ዝግባእ ኣብ ዘይማዕበለሉ እቲ እናሻዕ ናብ ሰፋሕቲ ሽርክነታዊ ጻላላት ይኹን ዝተመስረቱ ግንባራትን ውድባትን ሰልፍታን ዝኽሰቱ ውሽጣዊ ግርጭታት ኣብ ምእላዩ እናተጸገሙ ብርክት ዝበሉ ሓይልታት ናብ ሓደጋ ምፍልላይ ከምርሑ ከም ዝጸንሑ ከም ኣብነት ዝጥቐስ'ዩ። ናይ'ዚ ሓይልታት'ዚ ውሽጣዊ ግንጭታትን ዘይ ሃናጺ ውድድራትን ውሽጣዊ ድኻማትን ዘይብቕዓትን ተወፊኻ ዘይምስራሕን ከኣ'ዩ ሓደ ካብ'ቲ ኣብቲ ሰፋሕቲ ልፍንታዊ ግንባራት (ጽላላት)

እንዳኣንጻብረቐ ነጢፉ ከይሰርሕን ኣብ ርእሲ ዘለዎ ናይ ገዛእ ርእሱ ጸገማት እናተወስኽዎ ነገራት ከተሓላለኹን ሰጢሞም ከይከዱን ከተዓናቐፍ ዝጸንሐን ዘሎን ምኽኑ ርእሰ ግሉጽ ሓቂ'ዩ።

እዚ ስለ ዝኾነ ከኣ'ዩ መድረኽ ምምኽኻር ፖለቲካዊ ሓልታት ኤርትራ እዝን ከልኦት ኣገደስቲ ነቲ ሰፊሕ ጽላል ኣብ ምቐሙ ከሕግዙ ዝኽእሉ ቁልፊ ዝኾኑ ጉዳያት ኣልዒሉ ብደረጃ ኣቦ-መንበራን ተወከልትን ብቐጻሊ ክመያየጥን ናብ ሓደ ግንዛበ በጺሑ ናብ ካልኣይ መድረኽ ናይ ምምኽኻር ሰፊሕ ኣኼባ ናይ ፖለቲካዊ ውድባትን ስልፍታትን ክካየድ'ዩ ቀዳማይ ኣኼባ ዝወሰነ። ኣቦ-መንበራትን ወከልቲ ውድባትን ብዝተዋህቦም ሓላፍነት መሰረት ንከባቢ ሽዱሽተ ወርሒ ዝኸውን ካብ'ቶም ብደረጃ ቀዳማይ ኣኼባ ዝተቐመጡ ብርክት ዝበሉ ድኽመታት እቶም ቀንድን መሰረታውያንን ዝኾኑ 6 ነጥብታት ፈልዮም ብምቕማጥ ጠንቅን ሳዕቤንን ናይ'ዞም ጸገማት እዚኣቶም መፍትሒታቶምን ዝኾኑ መጽናዕታዊ ጽሕፋት ምቕራብን ናይ ግርጭታት ኣፋታትትሓ መርሆ ብምእማትን ዘጠቓለለ ምይይጣት ዝተኻየደ።

ኣብ መደምደምታ ናይዚ መጽናዕታዊ ጹሑፋትን ምይይጥን እዚ ነቲ ዝምስረት ሓባራዊ ጽላል (ግንባር) ካብ ዝውስኑ 6 ነጥብታት እዋናዊ ፖለቲካዊ ሕቶታት ማእከል ገይሮም ብምልዓልን ብምምይያጥን'ዮም ብዝተሓተ መደብ ዕዮ ከተኣሳስርዎም ዝኽእሉ ናብ ናይ ሓባር ግንዛበታት እናተቐራረቡ ዝመጹ።

ንምቐም ናይ ኩሎም ፖለቲካዊ ሓይልታት ሓባራዊ ጽላል ዘበሰረ ካልኣይ ኣኼባ መድረኽ ምምኽኻር ፖለቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ እቶም ኩሎም ናብ ሓባራዊ ምርድዳእ ብምብጻሕን ብኣቦ-መንበራትን ወከልትን ዝተዳለው ሰነዳት ማእከል ገይሩ ጥራሕ ኣይኮነን ናብ'ዚ ሓባራዊ ታሪኻዊ ስምምዕ ዝበጽሐ። እንታይ ደኣ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ካብ ናይ ጸረ ህዝቢ ምልካዊ /ገባቲ/ ስርዓት ህግድፍ ናይ ውሽጥን ናይ ደገን ኣዕናዊ ፖሊስታቱን ግብረሽበራዊ ስርሓቱን ኪጋጥምዎ ዝጸንሑን ዘለውን ሓደጋ ናይ ምብትታን ህጹጽነት ሃገር ናይ ምድሓን ጉዳይ ካብ ማንም ግዜ ንላዕሊ እፎይታ ዘይህብ ብምኽኑ እቲ መድርኽ ነዚ ንምዕጻፍ ዝጥለብ ዘሎ ደረጃ (ብራኽ) ናይ ቃልስን ሓድነትን እውን ኣብ ጸብጻብ ብምእታው እዩ፡ ናብ'ዚ ታሪኻዊ ስምምዕ ዝበጽሐ።

እዚ ንሃገርና ገጢምዋ ዘሎ ሓደጋ ናይ ምብትታን'ዚ እቲ መላኺ ጸረ-ህዝቢ ስርዓት ባዕሉ 'ውን እንተኾነ ከይፈተወ ክእመነሉ ዝግደደሉ ኩነታት ተበጽሑ ምህላዉ እዩ ዘርኢ። እዚ ከኣ ድሕሪ ናይ 23 ዓመታት ነቲ ሓደጋ ናይ ምንቕልቋል ጋህዲ ዝገበረ ነቲ ብተደጋጋሚ "ኤርትራ ነብሳ ክኢላ ብዓለም ደረጃ መዋዳድርቲ ዘይብሉ ሰላምን ራህዋን ምዕባለን ተራጋግጽ ዘላ ሃገር'ያ" ኢሉ ይምድር ከምዘይነበረ ሕጂ ብምኽንያት ናይ ሓድሽ ዓመት 2014 ገባራይን ሓዳጋይን ውልቀ መላኺ ስርዓት ህግደፍ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ኣብ ዝገበሮ ቃል መሕትት እታ ሃገር ኣብ ኩሉ ጽላታት ናይ ልምዓት መደባት ኣጋጢምዋ ዘሎ ቅልውላዋት እቲ ልሙድ ሽሓጢ ኣጉል መብጽዓታቱ ገዲፍካ ጉዕዝኡ ንውድቀት ዝተሳጠሐ ምኽኑ ከም ጸሓይ ቀትሪ ብብሩህ'ዩ መሊስዎ። ሰለ ዝኾነ ከኣ እዚ ዝቐውም ዘሎ ጽላል ግዜ ዘይህብ ተዓጻጻፊ ሓያል መኽተ ዝጽበዮ ምኽኑ እዞም ናይ ውድቀት ምልክታት ጥራሕ ዘይኮኑ ክሳብ ክንደይ እዚ ስርዓት እዚ ኣብ ሓመድ ድብኡ'ውን እንተኾነ ትልኽ እንዳበለ እንከሎ "ኣብዛ ሃገር እዚኣ ካብ ፖለቲካ ህዝባዊ ግንባር ወጻኢ የለን፡ ሕብረ ስልፋዊ ስርዓት ክህሉ ኣለዎ ዝብል ምስ ዝህሉ ምህውታት ስለ ዝኾነ ኣብ ካልእ ዓለም ክኸይድ ይህልዎ፡ ሰናይ ምሕደራ ንምርግጋጽ ህግደፍ

ምሕያል ኣገዳስን እንኮ መፍትሕን ጥራሕ ምኽኑ" ምግላጹ ነቲ ሓደጋ ናይ ምብትታን ዝገደደ ይገብሮ ጥራሕ ዘይኮነስ እቲ መኽተ ናይ ደምበ ተቓውሞ ክሕይልን ክብርኽን ከም ዘለዎ እዩ ውድዕነት ደጊሙ ዘማላኽት ዘሎ። ስለ ዝኾነ ከኣ መድረኽ ምምኽኻር ፖለቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ ናብ'ዞም ዝስዕቡ ስምምዓት ምብጽሑ ወድዓዊ ነይሩ።

1 ሓደ ናይ ኩሎም ፖለቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ ጽላል ብቐልጡፍ ክቐውም ተረዳዲኡ።
2 ካላኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ሓድሽ ሓይሊ ንምስታፍ ክካኣል ግዜ
ስለ ዘድሊ ክሳጋገር ከም ዘለዎ ርእዩ።
3 እዚ ብሓድነታዊ ጉባኤ ኣቢሉ ዝብጻሕ ዝሰመረ ሓባራዊ ጽላል እዚ ንምዕዋቱ ኣቦ መንበራት ዘድሊ ምድላዋት ከካይዱ ሓላፍነት ክወስዱ ተሳማሚዑ።

በዚ መሰረት ኣቦ-መንበራት ብዝተዋህቦም ሓላፍነት እዚ ብሓደነታዊ ጉባኤ ኣቢሉ ኣብ ትሕቲ ዝተሓተ መደብ ዕዮ ዝጠራነፍሉ ሰፊሕ ሃገራዊ ግንባር (ጽላል) እዚ ጽፉፍ ቅድመ ምድላዋት ተኻይድሉ ኣብ ዝተመደበሉ ግዜ ክካየድ ነብሶም ሰሪዖም ከረጋግጽዎ ምብጋሶም ኣገዳሲ ፍጻመ 'ዩ። ብርግጽ እዚ ሕጂ ኣብ መድረኽ ምምኽኻር ፖለቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ ዝተበጽሐ ታሪኻዊ ስምምዕ እዚ ብደረጃ ኣቦ መንበራትን ተወከልትን ንድኹም ጎኒ ደምበ ተቓውሞ ኤርትራ ኣብ ዝርእይሉ ዝነበሩ ግዜ ሓንቲ ካብ'ተን ሽዱሽተ ቀዳሞት ኣርእስትታት "ንካልኣዊ ፍልልያት ንምፍታሕ ኣብ መንን ውድባት ተቓውሞ ባህሊ ዘተ ዘይምህላው" ኣብ ዝብል መጽናዕታዊ ጽሑፍ ኣብ ሕቶ ሓደነትን ሕቶ ፖለቲካዊ ደሞክራስን ፖለቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ ኣብ ሕሉፍ ተመኩሮታት ቃልስና ሕጂ 'ውን መሊኡ ዘይተወገደ ከጋጥምዎ ዝጸንሑን ዘለውን ዕንቅፋታትን መፍትሒኦም ድሕሪ ምእማት ሕጂ'ውን ብቐዳምነት ህዝብን ሃገርን ንምድሓን ከም ህጹጽ እዋናዊ ዕማም ናይ ፖለቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ ሓባራዊ ጽላል ክረጋገጹ ከም ዘለዎም ዝቐረበ ሓሳብ ሓባራዊ ግንዛበን ምርድዳእን እናተኻየደሉ ዝመጸ 'ዩ ነይሩ።

ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ኩሎም ፖለቲካዊ ሓይልታት /ውድባት/ ዝጣራነፍሉ ኣገባባት ክጽዕቶ ዝጸንሐ ብዝተፋላለየ ምኽንያታት ከይተሳኽዐ ዝጸንሐ ይኹን ደኣምበር እዚ ዓቢ ሃገራዊ ዕማም እዚ ሕጂ 'ውን ቅድሚ መድረኽ ምምኽኻር ፖለቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ ካብ 20 ክሳብ 29 ጥሪ 2014 ኣብ ዝተኻየደ ህጹጽ ኣኼባ ማእከለይ መሪሕነት ኪዳን ንህልዊ ኩነታት ሃገርናን ዞባናን ኣብ ቃልስና ዘለዎ ጽልዋን ኣብ ዝገምገመሉ ህሞት

ህዝብና ኣብ ትሕቲ ጸረ-ህዝቢ ምልካዊ ስርዓት ህግድፍ ዘጋጥሞ ዘሎ ሓደጋን ኣብ ክሊዚ ኩነታት እዚ ተበታቲኑ ዝኸይድ ዘሎ ናይ ደምበ ተቓውሞ ሓይልታትን ዝቐጹሉን ዝፍጠሩን ዘለው ዝተበታተኹ ምንቕስቓሳትን ተቓውሞታትን ብዕምቆት ድሕሪ ምርኣይ፡ ኣብ ኣኼባ መድረኽ ምምኽኻር ፖለቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ እዚ ሓድነታዊ ተበግስኡ እዚ ከልዕሎን ክመየያጠሉን ኣብ ምዕዋቱ ተርኡ ክጻወትን ብ29 ጥሪ 2014 ኣብ ዘውጽኦ ኣገዳሲ ደምዳሚ መግለጺኡ ከምዚ ክብል ከምዝገለጾ ዝዝከር'ዩ።

"ህዝብና ደሞክራስያዊ ለውጢ ንምርግጋጽ ኣብ ዘካየዶ ዘሎ ፍትሓዊ ቃልሲ ብዝምልከት፡ ማእከላይ መሪሕነት ፖለቲካዊ ውድባት ተቓውሞ ኤርትራ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናወሰኽ ምምጽኡ ንመስርሕ ቃልሲ ኣወንታዊ ኣስተዋጽኦ ዘበርክት ምኽኑ'ውን ኣስተውዒሉ። እዚ ሓይልታት'ዚ ኩሉ ኣብ ቅድሚኡ ክህሉ ዝኽእል ብድሆታት ብምስጋር፡ ኣብ ኤርትራ መሰረታዊ ለውጢ ንምርግጋጽ ዘውሕስ ጽዑቕ ርኽክባትን ሓድነታዊ ኣንፈት ቃልስን ክቕይስ ዘለዎ ኣገዳስነት ድማ ኣሚቱ" ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ካብ'ዚ ሙሉእ ዕግበት'ዚ ብምብጋስ፡ "ምትእኽኻብ መላእ ፖለቲካዊ ሓይልታት ተቓውሞ ኤርትራ ኣብ ሓደ ሰፊሕ ሓባራዊ ጽላል ምጥርናፍ ንመስርሕ ቃልሲ ህዝብና ንቕድሚት ንምስጓም መሪሕ ግዲኡ ንምጽዋት፡ ግብራዊ ንጥፈታት ንምክያድ ዝተፋላለየ መልክዕ ብድሆታት ንምግጣም ህዝብን ሃገርን ካብ ብርሰትን ምብትታንን ንምድሓንን ንምርግጋጹን ህጹጽ እዋናዊ ተደላይነቱ ተገንዚቡ። ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ኩሎም ፖለቲካዊ ውድባት ተቓውሞ ኤርትራ ብሓድነታዊ ጉባኤ ኣቢሉ ኣብ ሓደ ዝሰመረ ሰፊሕ ግንባር /ጽላል/ ክጣራነፍ ምሉእ ተበግስኡ ይገልጽ" ክብል ኣዊጁ።

ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ነዚ ተበግስኡ እዚ ኣብ መድረኽ ምምኽኻር ፖለቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ ብምቕራብ ምስቲ ሓባራዊ ድሌት ናይ ኩሉ ኣብኡ ዝተሳተፉ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ ሓይልታት ተሳንዩ ናብ ፍጻሜ ክበጽሕ ጽቡቕ ኣጋጣሚ ኮይኑ ብዓወት ክጽምበል 'ዩ ዝኾነ። ካልእ ኣብ'ዚ ኣኼባ'ዚ ኩሎም ፖለቲካዊ ሓይልታት ብሓባር ክጓዓዙ ክኽእሉ ምእንቲ እቲ ብደሞክራስያዊ ምንቕስቓስ ሓርነት ኩናማ ኤርትራ (ደምሓኩኤ) ብዛዕባ'ቲ ኣብ ዝኽሪ ባሕቲ መስከረም 2012 ንጀማሪ ብረታዊ ተጋድሎ ኤርትራ ንዝኾነ ስውኣ ሓምድ ኢድሪስ ዓወተ ኣመልኪቱ ዝወጸ መግለጺኡም ኣብ ደምበ ተቓውሞ ፖለቲካ ኤርትራ ዝፈጠሮ ቅልውላው ይቕሬታ ምሕታቱን ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ (ጀብሃ) ብሰንኪ'ዚ ኣብ መድረኽ ምምኽኻር ፖለቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ ክሳተፍ ዘይጸንሐ ብድሕሪ እዚ ኣብ ዝቐጸለ ኣኼባ ኣቦ-መንበራት ክሳተፍ ምኽኣሉ ኣገዳሲ ፍጻመ ነይሩ። ከምኡ'ውን ሰልፊ ደሞክራሲ ህዝቢ ኤርትራ ይኹን ካልኦት ክሳተፍሉ ዝኽእሉ ዕድል ንምስፋሕ ካልኣይ ሃገራዊ ጉባኤ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ሓድሽ ሓይሊ ንምስታፍ ከካኣል ግዜ ስለ ዘድሊ ጉባኤ ክሰጋገር ኢሉ ዝወሰዶ ስጉምቲ ነቲ ቀጻሊ ኣብ ዝሓጸረ ግዜ ዝቐውም ናይ ፖለቲካዊ ሓይልታት ጽላል ይኹን ነቲ ጉዕዞ ሰፊሕ ጽላል ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ብዝበለጸ ዳግም ኣዕርዩን ኣሐይሉን ኩሎም ሓይልታት ሓቑፉ ብሓደ ኣንፈትን ሓባራዊ ጥሙር ኣመራርሓን ንቕድሚት ክስጉም ጥጡሕ ባይታ ዝፈጥረሉ ምኽኑ 'ዩ ተገንዚቡ።

ደሞክራስያዊ ግንባር ሓደነት ኤርትራ (ደግሓኤ) ከም ውድብ ካብ ዝምስረት ኣትሒዙ ብዝተሓተ መደብ ዕዮ ዝቐዉም ሰፊሕ ስሙር ሃገራዊ ግንባር ክምስረት ካብ ዝጽዕቱ ዝጸንሑ ውድባት ብቅድመ ግንባር ክረባረብ ዝጸንሐ ውድብ እዩ። በዚ መሰረት ከኣ ኣብ ምምስራት ምሕዝነት ሃገራዊ ሓይልታት ኤርትራ ይኹን ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን፡ ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስያዊ ለውጥን ናቱ ኣገዳሲ ተራ ጸኒሕዎ እዩ።ሕጂ'ውን እዚ ሰፊሕ ናይ ፖለቲካዊ ሓይልታት ግንባር (ጽላል) ክረጋገጽ ሰፊሕ ጎስጓስ ከካይድ ጸኒሑ'ዩ።

ኣብ ዝደሓረ ወግዓዊ ልሳኑ ዝኾነ ናይ መስከረምን ታሕሳስን 2013 ህዝባዊ ደሞክራሲ መጽሔቱ ብውሕዱ ጥራሕ እኳ እንተረኤና ደምበ ተቓውሞ ኤርትራን ብድሆታቱን መፍትሕታቱን ኣመልኪቱ ኣብ ዝገለጸሎም ይኹኑ ከምኡ 'ውን " ሓደ ዝሰመረ ናይ ሓባር ናይ ፖለቲካዊ ሓይልታት ግንባር (ጽላል) ከም ህጹጽ እዋናዊ ዕማም ምርግጋጽ ንደሞክራስያዊ ተጋድሎና ናብ ዝሕሸ ብርኪ ንምስግጋርን ንምዕዋትን ወሳኒ እዩ" ብዝብል ኪቃላሕ ከምዝጸንሐ ከም ኣብነት ምጥቃስ ይካኣል። እዚ ናይ ደምበ ተቓውሞ ኤርትራ ጸገማትን መፍትሒኡን ልዑል ትኹረት ብምሃብ ብፈነው ረድዮኡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኣቢሉ እውን በብግዚኡ ሰፊሕ ሽፋን እናሃበ ክቓልሕ ከምዝጽንሐ ዝፍለጥ 'ዩ።

ስለ ዝኾነ ከኣ ሕጂ እዚ እኩብ ድምር ናይ ኩሉ ፖለቲካዊ ሓይልታት ቃልሲ ውጽኢት ዝኾነ ኣብ መድረኽ ምምኽኻር ፖለትካዊ ሓይልታት ኤርትራ ሓደ ናይ ሓባር ጽላል ንምቐም ዝተበጽሐ ስምምዕን ንምርግጋጹ ክቃላጠፍ ከም ዘለዎ ዝተገልጸን ኣብ ሓድነት ደምበ ተቓውሞ ኤርትራ ሓደ ስጉምቲ ንቕድሚት 'ዩ። በዚ ኣጋጣሚ እዚ ከኣ ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ፖለቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ ናብ'ዚ ኣገዳሲ ታሪኻዊ ስምምዕ'ዚ ምብጽሑ ዮሃንኤ ይገልጽ።ሰጢሙ ናብ መፈጸምትኡ ክበጽሕ ከኣ ብዓቕሙ ኩሉ ዝካኣሎ ክገብር ምኽኑ በዚ ኣጋጣሚ እዚ ይሕብር። መላእ ደምበ ተቓውሞ ኤርትራን ህዝብታትናን ከኣ ነዚ ቅዱስ ሓድነታዊ /ምሕዝነታዊ/ ስጉምቲ እዚ ኣብ ጎኑ ጠጠው ኢሉም ደገፎም ክህቡ ደግሓኤ ጻውዒቱ የቕርብ።

ኣብ ስደት ከመይ ሂወት ትመርሕ ዘይምፍላጥ ዝኸበደ ፈተና'ዩ።

ስደት ካብ ቀደም ካብ ጥንቲ ዝጸንሐ ተርእዮ'ዩ። ስደት መሰረታዊ ድዩ ዘይመሰረታዊ ጠንቂ መበገሲ ኣለዎ። መልክዕን መፍትሕን'ውን ኣለዎ። ስደት ብወሳኒ መልክዑ ግዝያዊ'ዩ። ካበየናይ ዘርኢ፣ ቋንቋ፣ ሃይማኖት፡ ብሄረ፣ ከበየናይ ኩርናዕ ዓለም ብዘየገድስ፡ ከም ሰብኣዊ ፍጡር፡ ከም ኣካል ኣምሳል ማሕበረ-ሰብ ዓለም፡ ሰብኣዊነቱ ዘኽብረሉ፡ ቀጻልነት ህይወቱ ዘውሕሰሉ ኣህጉራዊ ሕግታት ኣለዎ። ንሱ ድማ እቲ ኣብ ቻርተር ውድብ ሕቡራት ሰፊሩ ዘሎ ንመሰል ስደተኛታት ዝጣባቐ ኣድማሳዊ ውዕላትን ስምማዓትን እዩ። ማሕበረ-ሰብ ዓለም ኩሉ ብማዕረ ጨካን ኣይኮነን። ዝበዝሕ ርህሩህ'ዩ። ናይ ተፈጥሮ ሰብ ኣብ ዝኸደ ከይዱ ንህይወቱ ዘድልዮ መሰረታዊ ነገራት ረኺቡ ተኸቢሩ ክነብር ኣለዎ በሃሊ'ዩ። መሬት ህያብ ተፈጥሮ'ያ ብሕግን ብፍትሕ ብሓባር ክንነብረላ ንኽእል ኢና ዝብል እምነት ብዙሓት'ዩ። መንግስታት'ውን ከምኡ ኩሎም ኣንጻር ዝኣተውዎ ውዕላትን ስምምዓትን ዝኸዱ ኣይኮኑን። ዝበዝሑ ብስምምዓቶም ዝቕየዱ'ዮም። ሰብኣዊ መሰል፡ ካብኡ ሓሊፎም'ውን ንደሞክራስያዊ መሰል ናይ ስደተኛታት ዘኽብሩን ክኽበር ዝገበሩን ውሑዳት ኣይኮኑን። መንግስታት ሃገራት ምዕራብ ናይ'ዚ ኣብነት'ዮም።

ካብ ማይ ቤቱን ካብ ሃገሩን ዝወጸ ስደተኛ፡ ኣብ ዝኸዶ ሃገር ተደናጋጽነት ክረክብ፡ እቲ ንመሰል ስደተኛታት ዝጣበቐ ኣህጉራዊ /ኣድማሳዊ/ ስምማዓት፡ ኣብ ልዕሊኡ ክሰርሕ፡ ወገን ክኾኖ፡ ብገለ ዘይሓላፍነታውያን መንግስታት ሰብኣዊ መሰሉ ምስ ዝድፈር፡ መሰል ዕቑባ ምስ ዝንፈገ፡ ኣቤት ክብለሉ ጠበቓታት ጌሩ ተኸራኺሩ ክረትዓሉ ግን፡ እንታይ ዓይነት ስደተኛ ም'ኳኑ ክልለ፡ መጀመርያ ጠንቂ ስደቱ ክፈልጥን ክፍልጥን ክኽእል ኣለዎ። ጠንቂ ስደቱ ዘይፈልጥ ወይ ብግቡእ ንካልእ ከረድእ ዘይኽእል ስደተኛ፡ ብመሰረት'ቲ ኣህጉራዊ ውዕላት ዝፈቕዶ እኹል ሰብኣዊ ተደናጋጽነት ክረብ ኣይኽእልን። ካብ ዝተሸራረፈ ደገፍን ክብርን ክሳብ ጠቕሊልካ ምንፋግ ዝኸይድ ዕድላት ኪጋጥሞ ይኽእል'ዩ። ንብዙሓት ኤርትራውያን ስደተኛታት ክገጥሞም ዝጸንሐ ዘሎን ጸገማት ድማ ጭቡጥ ኣብነት'ዩ።

ኤርትራውያን ስደተኛታት ጠንቂ ስደቶም ኣብ ምግላጽ ክረኣ ዝጸንሐ ምምታእ፡- ጠንቂ ስደት ኤርትራውያን ኣይኮነን ነቲ በዓል ቤት ንናይ ማዕዶ ተዓዛቢ'ውን ዘየደናግር ብሩህ ከም ጸሓይ ቀትሪ'ዩ። ስርዓት ህግደፍ ዝኽተሎ ዘሎ ገባትን ኣግላልን ጸረ-ህዝቢ ፖለሲ'ዩ። ብተግባር ኣብ ልዕሊ ዜጋታትን ማሕበራዊ ጉጅለታትን ዝፍጽሞ ዓፈና፡ ስቅያታዊ መግረፍትን ቅትለትን'ዩ። ዝበዝሑ ኤርትራውያን ኤርትራ ክትኮነሎም ዝነበሮም ትጽቢት/ባህጊ/ ብተግባር ዝኾነን ኣይተጠዓዓመሎምን። ግዳማዊ መግዛእቲ ተባሪሩ፡

ብዘቤታዊ መግዛእቲ ክርገጹ ኣብ ትጽቢቶም ኣይነበረን። ዕድላት ስራሕ፡ ትምህርቲ፡ ሓዳር ኣብ ጽላል ነጻነት ኮይኖም ከስተማቕሩ ደኣምበር፡ ዳግማይ ብጻምእ ሰላምን ደሞክራስን ክሳቐዩ ዱብ በላ'ዩ። ከም'ቲ ሸቶ ትምህርትን ምርምርን ሕቶ እንጀራ ምምላስ'ዩ ዝበሃል፡ ሸቶታት ሃገራዊ ነጻነት'ውን ውሑስ ሰላም፡ ምኽባር መሰረታዊ ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት፡ ምርግጋጽ ልዕልና ግዝኣተ ሕግን ልምዓትን'ዩ ክኸውን ዝነበሮ። ኩነታት ፖለቲካ ኤርትራ ግን፡ ድሌት ውሑዳት ስሱዓት ዘረጋግጽ'ዩ ኮይኑ። ስለዚ እቶም ብውልቀን ብጉጅለን ሃገሮም ገዲፎም ዝተሰዱን ገና ዝስደዱ ዘለውን ኤርትራውያን ካብ ብዘይወሳልዎ ገበን ጉዳይ ማእሰርትን ሞትን ንምድሓን ክብሉ'ዮም ዝስደዱ። በየማነ ጸጋም ብፋጻ ጠያይቲ ተዓጂበም ደም መሳኪን ኣሕዋቶም ሰጊሮም'ዮም፡ ካብ'ታ ጀንዳ ህግደፍ ናብ ሲኦል ቀይርዋ ዘሎ ኤርትራ ዘምልጡ። ስለዚ ናብ ስደት ክሓስቡ ዝገበሮም "ሓደ ሰባዊ ግዕዙይ ፖለቲካዊ ምሕደራ ኣይኮነን። ንደላሎን ኣዕሩኽ ደላሎ ዝኾኑ ጀነራላትን ገንዘብ ኣይከፈሉን፡ ብተመልከተለ ጠያይቲ እንዳዘነቦም ደም ሰጊሮም ኣይወጹን" ኢሉ ከማኅት ዝኽእል የለን፣ ብዘይካ ህግደፍ፡ ኣምለኽቱን ወድዓውያን ተሓባበርቱን። ስለዚ ነቶም ንሕናን ንዕድልናን ኢሎም ካብ ሃገሮም ነፊጾም ዝወጹ ዘለው ኤርትራውያን ዜጋታት ምኽንያት ስደቶም ብርግጽ እዚ'ዩ። ካብ ናቶምን መሬቶምን ሰላም ምስ ሰኣኑ ሰብኣዊ ክብሮም ምስተዋረደ ተገዲዶም ይስደዱ ከም ዘለው ኣይፈልጡን ክበሃል ድፍረት'ዩ። ምኽንያቱ'ሲ ብእዝኒ ጽውሪት ዘይኮነስ፡ ብተግባር ሕርሕራይ ጌሮም ስለዝፈልጡ።

እንተኾነ ግን፡ ነቲ ኣብ ዝባኖም ዝተፈጸመ፡ ናቶም ስኢኖም ናብ ዘይናቶም ከቋምቱ ዝገበሮም፡ ካብ ኣብ ትሕቲ ህግደፍ ምንባር፡ ክብረት ዓዲ-ጓና ክመርጹ ዝደፍኡም ጭቡጥ ሓቂ፡ ኣብ ቅሉዕ መድረኽ ኣብ ቅድሚ ማሕበረ-ሰብ ዓለም ብንቕሓትን ድፍረትን ክገልጹ ብዘይምኽኣሎም፡ ጠንቂ ካብ ሃገር መውጽኢኡም ብልክዕ ዘይፈልጡ ኣምሲልዎም ኣሎ። ንሕና ብኽምዚ ዝበለ ፖለቲካዊ ወጽዓ ኣብ ሃገርና ብሰላም ምንባር ዝሓረመና ስደተኛታት ኢና ኢሎም ኣብ ምግላጽ ስለዝማትኡ፡ ውሑዳት ዘይኮኑ ስደተኛታት፡ ብምልኣት ተጠቀምቲ ናይ'ቲ ኣድማሳዊ ውዕል ክይኮኑ ዕንቅፋት ክጋጥሞም ይረእ ኣሎ። ንፋሽሽታዊ ተግባራት ህግደፍ ልዕሊ ካልእ ብጭብጢ ዝፈልጡ፡ ብዙሓት ካብ ኣቶም ድማ ግዳይ ማእሰርትን ማህረምትን ዝኾኑ ክነሶም፡ ኣብ መንነ ንጸረ-ህዝቢ ተግባራት ህግደፍ ምቅላዕን፡ ሃገራዊ ክብርን ሃገራዊ ምስጢር ምዕቃብን ዘሎ መሰረታዊ ፍልልይ ምንጻር ኣጊምዎም፡ ህይወቶም ንሓደጋ ዘቃልዕ ኣማራጺ ክወስዱ ክንዕዘብ ጸኒሕናን ኣለናን። ምስ ካብ ሃገር መውጽኢኡምን ዝቕርበሎም ዘሎ ሕቶን ዘይራኸብ፡ ጸላኢ ብዝጥቀመሉ ቋንቋ ሃገሮም

ኣይጸልኡን ዝብል ናይ ኣሸካዕላል ቃላት፡ "ንሕና ሃገርና ንፈቱ ኢና" "ሃገርና ጸሊእና ኣይተሰደድናን" "ናይ ቁጠባ ስደተኛታት ደኣምበር ናይ ፖለቲካ ስደተኛታት ኣይኮናን" ኢሎም ብዘቕርብዎ መከራኸሪ ነጥቢ፡ ኑብሶም ጎዲኡም ነቲ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዝግበር ዘሎ ቃልሲ ኣሉታዊ ተጽዕኖ ክፈጥር ዝኽእል ርእይቶ ከጸባርቑ ጸኒሖም። እዚ ነቶም ኣቐዲሞም ብመደብ ብህግደፍ ብስመ ስደተኛታት ዝተላእኩ'ሞ ኣብ ውሑስ ቦታ ምስ በጽሑ፡ ናብ ለኣኺኡም ዝምለሱ፡ ከምኡ'ውን ፈውሲ ከም ዝተግብረሎም ብስንኩል ምኽንያታት ኣብ መስርዕ ጸላኢ ዝኣትው ውሑዳትን ቅቡጻትን ከይሓውሰካ'ዩ።

ዝኾነ ዜጋ ኣብ ዝኾነት ሃገር፡ ሃገሩ ኣይጸልእን'ዩ፣ ምኽንያቱ ሃገር ማለት ህዝቢ ማለት'ዩ። ህዝቢ ጸሊኡ ካብ ማይ ቤቱ ዝፈናቐል ካብ ሃገሩ ዝስደድ ድማ ኣይተራእየን። ኣይተሰምዐን። ኤርትራውያን ቅድሚ 1991 ኣብ ዝነበረ መድረኽ ብፖለቲካውን ጸጥታውን ምኽንያት ይስደዱ ኔሮም። ድሕሪ ምርግጋጽ ሃገራዊ ነጻነት ድማ፡ ብተመሳሳሊ ብስእነት ሰላም፡ ርጉእ ደሞክራስያዊ ፖለቲካዊ ምሕደራን ብእግረይ ኣውጽእኒ ይስደዱ ኣለው። ስለዚ ስደት ኤርትራውያን ምስ ሃገር ምፍታውን ምጽላእን ዘተኣሳስር የብሉን። ውጽኢት ኣብ ኤርትራ ነኪሱ ናይ ዘሎ ኢደ-ወነናዊ ፍጹም መላኺ/ገባቲ/ ፖለቲካዊ ምሕደራ'ዩ። እንታይ ኮይንኩም ካብ ሃገርኩም ክትወጹ ክኢልኩም ንዝብል ሕቶ ክወሃብ ዘለዎ መልሲ ድማ፡ "ብኢሳያስ ኣፈ-ወርቂ

ዝምራሕ መንግስቲ ውሑዳን ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰልና ተጋሂሱ፣ ናይ ምንቅስቓስ፣ ምስራሕ፣ ምምሃር፣ ዕድላት ተነፊጉና፣ ፍትሒ ስኢና ናብ ባሮት ተቐይርና፡ ግዝያዊ ላፎይታ ክንረክብ ዝወጻእና ሓተቲ ዕቑባ ኢና፡ መሰልና ይከበር " ዝብል'ዩ ክሽውን ኔርዎ። ብመብዛሕቲኡም ኤርትራውያን ክወሃብ ዝጸንሐ መልሲ ግን ብኣንጻሩ'ዩ። ንህይወቱ ኣብ መንቀራቕሮ ኣእትዩ ነቲ ጠንቂ ስደት በጃ ኮይኑ ሓራ ክውጽእ ዝደናደንን'ዩ። ኣብ ገለ ገለ ድማ ንጹርነት ዘይብሉ ተማታኢ'ዩ። ናይ'ዚ ግጉይ ኣገንዝቦ'ዚ ምንጪ ክኣ ድሩት ፖለቲካዊ ኣፍልጦን፣ ሃገራት ዝግዛኣሉ ኣድማዊ ሕግታት ካብ ዘይምፍላጥ ዝነቐለ'ዩ። በየን እንተተጓዒዝካ፡ ናብ መን እንታይ እንተኣማልኪትካ ሰብኣዊ ክብሪ ትረክብ፡ መሰልካ ተረጋግጽ ካብ ዘይምርዳእ'ዩ። ብፍላይ ኣብ እስራኤል ዝርከቡ ኤርትራውያን ስደተኛታት በቲ መንግስቲ ክግበረሎም ዝጸንሐን ዘሎን "ካብ ሃገርና ይውጽኡልና" ዝብል ጸቕጢ ብቑንዱ፡ ካብ መጀመርያ ዝተፈጸመ ጌጋ መሰረት ዝገበረ'ዩ። መንግስቲ እስራኤል ብወግዒ ኣብ መሬት እስራኤል ዝርከቡ ኤርትራውያን ብዘይሕጋዊ መንገዲ ዝኣተው፡ "ናይ ቁጠባ ስደተኛታት'ዮም። ናይ ፖለቲካ ስደተኛታት ኣይኮኑን። ናይ ፖለቲካ ዕቑበኛታት ኢና ኢሎም ዝመልእዎ ፎርም የለን" ኢሉ'ዩ ዝማነት ዘሎ።

ኤርትራውያን ስደተኛታት ሓደጋ ከየጋጥሞም ቅድመ ትምህርቲ ክረኽቡ ነይርዎም፡- ጽዑቕን ተኽታታልን ዋሕዚ ስደት ካብ ዝጅመር ልዕሊ 10 ኮይኑ ኣሎ። ኣቐዲሞም ካብ ሃገር ዝወጹ፡ መሰል ስደተኛታት ዝኽበረሉ ሕግታት ዝፈልጡ ዝተማህሩ ከምኡ'ውን ኣንጻር ምልኪ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ዝቃለሱ ውድባት ኣለው። እዚኣም ብሕዝ-ግደፍ ዘይኮነ ብቑም-ነባሩ ሒዞም፡ ስደተኛታት ኣብ ጉዕዞ ዘጋጥም ዝተፈላለየ ሓደጋታት ከም ዘለዎ ኮይኑ፡ ኣብ ውሑስ ቦታ በጺሕና ኣብ ዝበልሉ ንዝቐበሎም ጸገማት ከመይ ክብድህዎ ኣለዎም፡ እንታይ እንተኢሎም ከም ስደተኛታት ቅቡላት ይኹኑ? እንታይ እንተኢሎምን እንተጌሮምን 'ኸ ኣብ ሓደጋ ይወድቁ ኣፍልጦ ክረኽቡ ኣስተምህሮ ክህቡ ይግባእ ኔሩ። ብፍላይ ፖለቲካዊ ውድባት፡ እቶም መንእሰያት ኣብ ልዕሊ ቃልሲ ንደሞክራስያዊ ለውጥን ውድባትን ሒዘሞ ዝመጹ ግጉይ ኣረዳድኣን እቲ ዘለናሉ ውድዕነት ዝፈጥሮ ተጽዕኖን ከይዘንጋዕና፡ ምስ'ቲ ናብ ቃልሲ ተጸንቢሮም እጃሞም ክንብሩ ዝገብረኡ ፈተነታት፡ ኣብ ዝኽድዎ ሃገረ ስደት ከመይ ሕግን ባህልን ናይ'ተን ሃገራት ኣኺብሮም ተወሃሂዶም ክነብሩ ይኽእሉ፡ ኣድማሳዊ ውዑላት ንምኽባር ሰብኣዊ መሰል ስደተኛታት እንታይ ይብል፡ መንግስታት እንታይ ግዴታ ኣለዎም፡ ከም ስደተኛታት ክምዝገቡ እንከለው 'ኸ እንታይ ክብሉን ክግብሩን ይግባእ፡ ብህግደፍ ንዝፈሓስ ሓላዪ ዝመስል ውዲታት ብኽመይ ክነቐሕሉን ክበርዕንዎን ከም ዝኽእሉ ...ከም ዕማም ወሲዶም ከስንቅዎም ይግባእ ኔሩ።

ብርግጽ ብወገን ፖለቲካዊ ውድባት ኮነ ካልኦት ኣብ ምኽባር ሰብኣዊ መሰላት ዝነጥፉ ማሕበራትን መራኽቢታትን ኣብ'ዚ ጉዳይ'ዚ ዋላ ሓንቲ ኣይበሉን ኣይሰርሑን ዝብል መደምደምታ ክትህብ ሚዛናዊ ክኸውን ኣይኽእልን። ከም ሓደ ዕማም ተታሒዙ ተኽታታልነት ዘለዎ መቓልሕ ግን ከስምዑ ኣይጸንሑን። ካብ ቅድሚ ሓደጋ ዝወሃብ ትምህርትን ምልውዋጥ ተመክሮን ድሕሪ ሓዳጋ ዝግበር ንጥፈታት ይጽዕቕ እንተተባህለ ምግናን ኣይኮነን። ንሱ'ውን በዓል ቤትን እሙን ምንጭን ኮይኑ ንካልኦት ዝምግብ ዘይኮነስ፡ ብካልኦት ማዕከናት ሓበፌታ ዝፍኖ መርድኣ ዜና ስዒቡ ዝመጽእ'ዩ። "ዝሓለፈስ ሓለፈ ጸሓፍ ዝተረፈ" ከም ዝበሃል ቅድሚ ሕጂ ብወገን ስደተኛታት ክበሃልን ክግበርን ዝነበሮ ኣይተባህለን ኣይተገብረን። ብፖለቲካዊ ውድባት ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላት፣ ማዕከናት ዜና፣ ምሁራት ኣንፈተ ጉዕዞን ውሑስ ህይወትን ስደተኛታት ኣብ ምትሓዝ ክወሃብ ዝግባእ ዝነበረ ቀጻልነት ዘለዎ ትምህርቲ'ውን ከም'ቲ ዝደለ ኣይተዋህበን። ኩሉ ነናቱ እጃም ዘልዕለሉ ከቢድ ሓደጋታት ድማ ክበጽሕ ጸኒሑን ዛጊት'ውን ይበጽሕ ኣሎን። ዜጋታት ኤርትራ ብደዎም ምስ ምሉእ ኣካሎም ተሸይጦም፡ ፍርቂ ኣካሎም ማለት ናውቲ ክብዶም ተመዝሒቑ ኣብ ዕዳጋ ወሪዱ። ኣሕዋትናን

ኣዴታትናን ኣብ ቃልዕ ብጋንታ ተዓሚጸን። ሬሳ ኤርትራዊት ኣደ ዕትብቱ ምስ ዘይተበትከ ዕሸል ውላዳ ኣብ ባሕሪ ጸንበለል ክብል ተራእዩ። ሓንሳእ ዘይኮነ ብተደጋጋሚ ብጃምላ ኣብ ባሕሪ ተዋሒጦም። ኤርትራዊት ኑብሲ ክብሪ ስኢና፡ መዛረቢት ማዕከናት ዜና ዓለም ኮይና። ከም ህዝቢ ክብሪ ሚዛና ወሪዱ። መጀመርያ ባዕልና ብዝፈጠርናዮ ጌጋ ንሃገራትን መንግስታትን ተቐበሉና ክንብል፡ ንሳቶም ድማ ኣይንቐበልን ከም ናይ ፖለቲካ ስደተኛታት ኣይሓበርክሙን ኣይተመዝገብኩምን ኣብ ክርክር ኣቲና ንርከብ።

ንሕና ናይ ፖለቲካ ደኣምበር ናይ ቁጠባ ስደተኛታት ኣይኮናን ዝብል ኣወንታዊ ኣገንዝቦ ተፈጢሩ ኣሎ ከመይ ንጥቀመሉ? ኣብ ሃገረ እስራኤል ብዓሰርተታት ኣሽሓት ዝቑጸሩ ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣለው። እዚኣቶም ብመሰረት እቲ ልዕል ኢሉ ዝተገልጸ ሕጽረት ኣገንዝቦ ስእነት ሓበሬታን ናብ'ታ ሃገር ክኣትው እንከለው፡ ንዓይነት ስደቶም ዝምልከት ብዝሃብዎ ግጉይ ቃል፡ ካብ መጀመርያ ክሳብ ሕጂ ዕረፍቲ ኣብ ዘይህብ ከቢድ ሻቕሎት ተቐርቂሮም ይርከቡ። መንግስቲ እስራኤል ካብ'ቲ ባዕሉ ዝፈረመሉ ኣድማሳዊ ውዑል ምኽባር መሰል ሰደተኛታት ወጻኢ፡ ናብ ሃገሩ ዘእቱ ዶባት ብኮንኩሪት ሓጺሩ፡ ብዘይፍርዲ ስደተኛታት ንዘይተወሰኑ ዓመታት ኣሲሩ ከባርር ዘኽእሎ ሕጊ ኣውጺኡ፡ ቅድሚ ሕጂ ተገይሩ ዘይፈልጥ ላዕለዋይ ተጸዋኒ ጉዳይ ስደተኛታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዘይፈልጦ፡ ብስውር ናብ ካልእ ሃገር ክሰጋግሮም ሃቂኑ። ኣብ መወዳእታ ድማ ጠቕሊሎም ካብ ሃገረይ ክወጽኡለይ ኣለዎም ኢሉ፡ ኣካላት ጸጥታ ኣዋፊሩ ካብ መንበር ኣባይትን ኣብያተ-ዕዮታትን ክገፍፍ ምስ ጀመረ፡ "ንሕና ናይ ፖለቲካ ስደተኛታት ኢና፡ መንግስቲ ህግደፍ ክሳብ ዝሃለወ ናብ ኤርትራ ክንምለስ ምርጫና ኣይኮነን፡ መሰልና ይከበር" ዝብል ድምጺ ብወግዒ ንተኽታተልቲ ሰለስተ መዓልታት ብዝቐጸለ ሰላማዊ ሰልፊ ድምጾም ኣስሚዖም። እዚ ግዜ በሊዑ ዝመጸ ይኹን ደኣምበር ሓደ ስጉምቲ ንቕድሚት'ዩ።

ኤርትራውያን ስደተኛታት ኣብ መንነ መንግስቲ ምጽላእን ሃገር ምፍታውን ሒዘሞ ካብ ዝጸንሑ ዝተደዋወሰ ኣገንዝቦ ወጺኡም፡ ብሓደ ቃል ጠንቂ ስደቶም መን ከምዝኾነ፡ እንታይ ከም ዝደልዩ፡ ኣብቲ ካብ 5-7 ጥሪ 2014 ዘካየድዎ ንእስራኤላውያን ዘገረመ፡ ዓይኒ ማዕከናት ዜና ዓለም ዝሰሓበ ኣስታት 40,000 ሰባት ዝተረኽብሉ ሰላማዊ ሰልፊ ንደላዪ ሰላም ማሕበረ-ሰብ ዓለም ብወግዒ ክገልጹ ተራእዮም። ኣብ ብዙሓት ሃገራት ምዕራብ ዝርከቡ ኤርትራውያን ድማ እወ ናይ ፖለቲካ ስደተኛታት'ዮም/ ኢና፡ መሰልና ይከበር ዝብል ብሰላማዊ ሰልፊ

ደገፎም ገሊጾም። እዚ ፖለቲካዊ ንቕሓቶም ይብርኽ ከምዘሎ ሓባሪ'ዩ። ኣብ ዙርያ ወጽዓኡም ሕብረትን ውህደትን ይፈጥሩ ከም ዘለው ዘመልክት'ዩ። እዚ ነቲ ህግደፍ ሃገሮም ኣይጸልኡን እንዳበለ ክሸቕጠሉ ዝጸንሐ

ባይታ ዘስእንየ። ብቐጥታ ኣንጻር ህግደፍየ። ሽዑ ንሽዑ ድማ፡ ነቲ ፖለቲካዊ ለውጢ ንምምጻእ ዝካየድ ዘሎ ህዝባዊ ሓርነታዊ ቃልሲ ደጋፊየ። ንመስርሕ ለውጢ ዘቃላጥፍ፡ ዲፕሎማስያዊ ተፈላጥነት ዘነልብት ኣገዳሲ ተርእየየ። ፖለቲካዊ ውድባትን መሻርኽቲ ኣካላትን ከኣ፡ ዜጋታትየም ውጹዓትየም፡ ሰብ ቤት ናይቲ ቃልስን ለውጥንየም ሞት፡ መጀመርያ እቲ ኣብ ልዕሊኡም ተታሒዙ ዘሎ ናይ ቁጠባ ስደተኛታትየም ዝብል ግጉይ ተረድኡ ተኣሪሙ፡ ናይ ፖለቲካ ስደተኛታት ምኽኖም ኣፍልጦ ረኺቦም ህይወቶም ከውሕሱ ኣብ ጎኖም ኮይኖም ዝከኣሎም ጻዕሪ ከካይዱ ኣለዎም። ብካልኣይ ከኣ፡ ጠንቂ ስደት ዝኾነ ጀንዳ ህግደፍ ዝውገደሉ፡ ኩሉ ደላዪ ለውጢ ኣእጃሙ ዘበርክተሉ ርሱን ፖለቲካዊ ሃዋህው ንምፍጣር ከይሰልከየ ክረባረቡ ይግባእ። ስደት ሓደ መልክዕ ናይ ፖለቲካዊ ተቓውሞየ። ስለዚ ፖለቲካዊ ውድባትን መሻርኽቲ ኣካላትን ብሓደ ገጽ፡ ናይ ፖለቲካ ስደተኛታት ከኣ በቲ ካልእ ገጽ በበይናቸም ዝኽድሉ ኩነታት ኣኽቲሙ፡ ዓቕሚታቶም ኣወሃሂዶም ዝሰርሕሉ ጥሙሕ ፖለቲካዊ ባይታ ንምፍጣር ክንቓለስን ክንጥቀመሉን ይግባእ።

[illegible] [illegible]

ሰብ ቤት ተዓዘብቲ፡ ዘቤታዊ ጸላእን ግዳማውያን ሓይልታትን መሳሰይቲ፡

ናትና ነገር ካብ ቀዳማዩ ዳሕረዋዩ ገደደ ክትብል የድፍረካ። ኣብ ብረታዊ ነጻነታዊ ተጋድሎ እዚ ዝበሃል ናይ ፖለቲካዊ ኣረኣእያ ፍልልይ ኣብ ዘይብሉ ካልኣዊ ፍልልይ፡ ቀዳማይ ጸላኢ እናሃለወ፡ ነቲ ኣብ ውሽጢ ዘጋጠመ ዘይምቅዳው ቀዳማይ ቦታ ክሕዝ ብምግባር፡ ደማዊ ኩናት ሕድሕድ ተኻየዱ ኣሕዋት ተፋሊሶም፡፡ ዕድመ መግዛእቲ ክነውሕ ኮይኑ። ውሑዳት ዘይኮኑ ድሑራትን ስምዒታውያንን ዝስዕብ ሳዕቤን እንታይ ከምዝኸውን ከይተረድኡ፡ ንተዓዋቲ ደማዊ ኩናት ሕድሕድ ኣገናዕ ጅግና መን ከማኻ ኢሎም ከሻድንዎ ተራእዮም። እቲ ሓደ ውድብ ክለተ ሰለስተ እንዳበለ ከም ኣሜባ ተራቢሕና። ውሽጣዊ ስምዒትና ስለዝተቐሰለ ጉዳይና ተሓላሊኹ ብቐሊል መፍትሒ ናብ ዘይረከበሉ ዓሪጉ። ዝበልዐ ግዜ በሊዑ፡ ዝኽፈል መስዋእቲ ተኽፊሉ ግዳማዊ መግዛእቲ ተባሪሩ፡ ሃገር ኣብ ኢድ ደቂ-ሃገር ኣትያ። ምስ ኩሉ ታሪኻዊ ፖለቲካዊ ጎደሎታቱ እሰይ ሓደ ስጉምቲ ንቐድሚት ዝብል ህዝባዊ መልሲ ረኺቡ።

ግን እቲ ዝተቐሰለ መንፈሳት ከመይ ይሓዊ፡ ዜጋታት ኣብ ኩለ-መዳያዊ ንጥፈታት ዳግመ ህንጻ ሃገር ከመይ ይዋስኡ፡ ህዝቢ ብከመይ ይመሓደርን ይምራሕን ንዝብሉ መሰረታዊ ፖለቲካዊ ጉዳያት ግቡእ ትኹረት ሂብካ ኣይተሰርሓሎምን። ጉዳይ ሃገር ንሓደ ሰብን ሓደ ውድብን ከም ድላዮም ክገብርዎ ብዘይወግዓዊ ኣገባብ ብስቕታ ዕድል ተዋሂብዎም። ናይ ሽዑ ኣዕሩኽ ኢደ-ወነናዊ ጉጅለ፡ ደሞክራስያዊ ትካላት ኣብ ዘይተጣየሳሉ፡ ካብ ህዝባዊ ግንባር ህግደፍ ርእይቶ ወጻኢ ሒዝካ ኣብ መሬት ኤርትራ ምንቅስቓስ ገበንየ ተባሂሉ ኣብ ዝተኣወጀሉ፡ ጠለብን ስምዒትን በዓል ቤት ናይ ዝኾነ ህዝቢ ኣብ ግምት ከይኣተወ፡ ገለ መራሕቲ ርእሰ ሓያላን “ዓለም ደሞክራሲ ካብ ኤርትራ ክትመሃር ኣለዋ” ኢሎም ክኾሓሕልዎ ተሰሚዖም። ኣብ ክንዲ ከበይ ተበጊሱ ንመን ተወኪሱ፡ እንታይ ስለዝደለየ ዝብል ለባም ርእይቶታት ቅድሚት ዝመጽእ፡ መራሒ ኣሜሪካ ኣብ ኤርትራ ዘሎ ደሞክራስያዊ ምሕደራ ኣመጉስዎ ንኢድዎ እንዳበሉ ዝድብሉ ውሑዳት ኣይነበሩን። ድሒሮም ዝተፈላለዩ

ፈለጥቲ ውሽጢ ከም ዘረጋገጽዎ ህግደፍ ደጋፊ ቃልሲ ኤርትራን ህዝቢ ኤርትራን ዝኾነ መንግስቲ ሱዳን ብህግደፍ ኣብ ዝተወረሉ ግዜ ብዙሕ ህይወትን ንብረትን ዝተኸፍለሉ ውግእ ተልእኾ ናይ ገለ ርእሰ ሓያላን ንምፍጻም ምንባሩየ። ኣብ’ዚ’ውን ካብ ዓንብ ዝብል ደድሕሪኡ እንዳሰዓበ ዘጣቐዕ ይበዝሕ ምንባሩ ቀረባ ተዘክሮ’ዩ።

ቤት ምኽሪ ጸጥታ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ኣብ 2009 ኣብ ልዕሊ መሪሕነት ህግደፍ ዘነጻጸረ እገዳ ገሩ። ንኤርትራ ዝመርሕ ዘሎ ጉጅለ ዘራጊ ሰላም ምኽኑ ኣሚኑ፡ ኣብ ልዕሊኡ እገዳ ምብያኑ ኣወንታዊ’ዩ። ናብ እገዳ ከበጽሕ ዝተበገሰሉ ግን፡ ኣብ ህዝብታት ኤርትራ ዝፍጸም ዘሎ ጥሕሰት ሰብኣውን ደሞክራስያውን መሰላት መሰረት ዝገበረ ኣብ ክንዲ ዝኸውን፡ ኣብ ሶማልን ዞባናን ዝግበር ዘሎ ጠብሎቕሎቕ ምኽንያት ዝገበረ’ዩ ኔሩ። ንጽምእን ጠለብን ህዝብታት ኤርትራ ኣብ ግምት ዘየእተወ ውሳነ ኣብ ልዕሊ መንግስቲ ኤርትራ ክግበር እንከሎ፡ እግረ መንገዱ ኣብ ምቅላዕ ጸረ-ህዝቢ ጉጅለ ህግደፍ ዝህቦ ፖለቲካውን ዲፕሎማስያውን መኽሰባት ከይዘንጋዕና፡ ንዓይ ኣብ ግምት ዘየእተወ ምሳይ ዘይተላዘበ ውሳነ ስለምንታይ ዝብል ርድኢት ክንሕዝን ነቲ ዝወሰነ ኣካል ብመረዳእታ ከነዕግብ ክንዋሳእ ይግብእ ኔሩ። ግን ኣይተገብረን።

ሕጂ ድማ እነሆ እቲ በዓል ቤትን ወሳኒን ህዝቢ ማእከሉ ዘይገበረ፡ “ኤርትራ ኣብ ጽልምትምት ኣትያ ስለዘላ ኣጸቢቕ ከይጸልመታ ብኢሳያስ ንዝምራሕ መንግስቲ ኤርትራ ካብ ውድቀት ነድሕኖ” ዝትሕዝቶኡ ክናፈስ ይስማዕ ኣሎ። ሰብ ቤት ናይ’ዚ መንግስቲ ኤርትራ ካብ ውድቀት ክድሕን ኣለዎ ብዝብል ዝናፈስ ዘሎ ወረ ዝብገስሉ ዘለው ፖለቲካዊ ባይታ ኣቃሊልካ ዝረኣ ኣይኮነን። እዚ ኣረሜናዊ ስርዓት ኣብ ኣጋ ዕርበቱ ንምድሓኑ ንምንታይ ኣድለየ? ሰላም ኤርትራን ዞባናን እንተተደልዩ ምስ’ቲ ንለውጢ ዝቃለስ ዘሎ ሓይልታት ተደጋጊፍካ ክግበር ዘይተመርጸሉ ምኽንያት እንታዩ? ህግደፍ

ጸላኢ ህዝብታት ኤርትራ'ዩ። በዓል ቤት ዝኾነ ህዝቢ ኣብ ጉዳዩ ተዓዛቢ፡ ዘቤታዊ ጸላእን ግዳማውያን ሓይልታትን ብስውርን ብተዘዋዋርን ኣብ ጉዳይ ኤርትራ እዚ'ባ ከምዚ'ባ እንዳበሉ ክዋገዩ ክፈትሑን ክኣስሩን ኣየገርምን'ዶ? ንሕና ኣብ ከመይ ዝበለ ፖለቲካዊ ባይታ ኣለና ኢልና ንብስና ክንሓትት ኣይገብርን'ዶ? ብወገነይ እዚ ጉዳይ ብንዕቀት ዝተላዕጠጠ ኮይኑ ይስመዓኒ። ምኽንያቱ ህዝብታት ኤርትራ ሓደጋ ምብትታን የስገኣም ስለዘሎ ንሓግዞም እንተዝኸውን እቲ መበገሲ፡ ዘመስጥር ኣይምሃለዎን። ከወገድ ምስ ዘለዎ ጸላኢ ህዝብታት ኤርትራ ጉጅም ምባል ኣይመድለየን። እዞም ሃንደስቲ ናይ'ዚ ጉዳይ ኣብ ካልኦት ሃገራት እንታይ ይገብሩ ኣለው ዓለም ዝዕዘቦ ዘሎ'ዩ። እሞ ዝኸበርኩም ኣንበብቲ ጉዳይና ሕጂ'ውን ይተሓላለኽ ንሕና ካብ ጸወታ ወጻኢ ንኾነሉ ካልኦት ኣብ ዘይጎዳዮም ተውሳእቲ ዝኾንሉ ዘሰክፍ ኩነታት ይኸይድ ስለዘሎ፡ ብኣንክሮ ንከታተሎ!።

ሮቤል በርሀ'የ ካብ ደቡብ ኣፍሪቃ

ናይ ዕላማ ፍልልይ ዘይብለን
ሓደሽቲ ፖለቲካዊ ውድባት ምርባሕ እንታይ ይሕግዝ?

ትብጻሕ ናብ ኣዳለውቲ መጽሔት ህዝባዊ ደሞክራሲ ናይ ኣንበብቲ ዓምዲ፡ ሰላም ከመይ ኣለኹም? ምሉእ ቅሳነትን ኣሳልጦ ናይ ስራሕን ክህልወኩም እምነ። ዝኸበርኩም ኣሕዋት፡ እዛ እትስዕብ ሓጻር ደብዳበ እሰደልኩም ኣለኹ እሞ ኣብ መጽሔትኩም ከተስፍሩለይ ሓደራ እብል።

ፖለቲካዊ ውድባት ኤርትራ ብፍላይ ካብ 2002 ንነጀው ኣብ ዘሎ ግዝያት ኣዝየን እናተበራኽታ ይመጻ ከም ዘለዋ ብሩህ ይመስለኒ። ፖለቲካዊ ውድባት ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ብምንቅስቓስ መንእሰያት፡ በርገስ ማሕበራት ... ዝፍለጡ ውዳቤታት'ውን ሒደት ቁጽሪ የብሎምን። ብመትከል ምብዛሕ ውድባት ማሕበራት ኮነ ምንቅስቓሳት ዝቃወሞ ኣይኮንኩን። እቲ ምብዛሕ ብፖለቲካዊ ኣረኣእያ ዘይፈላለ እንተኾይኑ ግን እንታይ ይሕግዝ ንመንጎ

ይጠቅም ዝበል ኩሉ ግዜ ኣብ ኣእምሮይ እንዳተመላለሰ ዘሸግረኒ ሕቶ'ዩ። እወ ብንጹር ሓደ ካብ'ቲ ካልእ ዝተፈልየ ኣማራጺታት ሒዝካ ምውሳእ ሓንጎፋይ ኢልካ ትቐበሎ ጉዳይ'ዩ። ፖለቲካዊ ንቐሓት ህዝቢ ዘንልብት'ዩ። ካብ'ዚ ወጻኢ ዝግበር ምርባሕ ውድባት ግን ጠቐሙ ኣይረኣየኒን። ምርባሕ ፖለቲካዊ ውድባት ጥራሕ ዘይኮነ ብስም ምንቅስቓስ መንእሰያት ዝረአ ዘሎ ፍልልያት'ውን ንቓልሲ ዘተባብዕ ኣይኮነን። ምኽንያቱሲ ፍልልያት ምኽንያታዊ ክኸውን ኣለዎ። ብፍላይ ኣብ'ዚ ዘለናዮ መድረኽ ዝረአ ዘሎ ውደባ ውድባዊ ታሪኻዊ ድሕረ ባይታ መሰረት ዝገበረ ይመስል። ውድባት

በዚሐን ዝብል ቅቡልን ዘይቅበሉን ክሲ እንዳሃለወ፡ ህልዋት ውድባት ካብ ዝሓዘአ መቃለሲ ፕሮግራም ብመሰረቱ ዘይፍለ ክነሱ፡ ብታሪኽና ብተመክሮና ናትና ውድብ ንግበር ምባልሲ ቅኑዕ ኮይኑ ኣይስመዓንን። እዚ ናይ ቃልሲ ታሪኻዊ ድሕረ ባይታ ጌሩ ዝምስረት ውድብ ካብ'ቲ ሕብረተሰብ ነየናይ ክፍሊ'ዩ ዝውክል? ከመይ'ዩ ኣብ ህዝቢ ክጉስጉስ ከሎ ገና ዘለዎ ጸገም ይረኣየካ። እቲ ዝበዝሐ ህዝቢ ብሓፈሻ እዚ ዳሕረዋይ ትውልዲ ድማ ብፍላይ እዚ ዝበሃል ዘሎ ዝምልከቶ ኣይኮነን። እሞ እንታይ ኣማራጺ ኣቐሪብካ ንመን ሒዝካዩ እቲ ቃልሲ ክካየድ ኣዝዩ የጸግመኒ።

ስለዚ መጀመርያ እዞም ብኽምዚ ዝወዳደቡ ዘለው ወገናት ኣቐዲሞም ብውድባዊ ታሪኻዊ ድሕረ ባይታኻ ምጥርናፍ፡ ኣብ ዝካየድ ዘሎ ህዝባዊ ሓርነታዊ ቃልሲ እንታይ ጽልዋን ባይታን ኣለዎ፡ ኣብ ምቅልጣፍ ሕቶ ሓድነት ኣወንታዊ 'ዶ ኣሉታዊ ተራ ዘበርክት፡ ብትዕግስትን ብብስለትን ተመልኪቶም ዳግመ ርእይቶ እንተዝገብሩ፡ ህዝቢ'ውን ከይዱ ከይዱ ሕማቑን ጽቡቕን ኣብ ባይታ ምንጽብራቕ ስለ ዘይተርፎ፡ ምስ ዝህቦ ጠቐምን ጉድኣትን ብምምዝዛን ሃናጺ ሓሳባቱ እንተዝህበሉ ነገራት ብኣጋ ኣብ ምእላይ ምሓገዘ ነይሩ እብል።

ኢዮብ ካብ መዓስከር ስደተኛታት ማይ-ዓይኒ

ንመሻርኽትኻ ከተዋስን ምፍታን፡ ውጽኢቱ ፍሽለት /ክሳራ/ እዩ።

ህዝባዊ ደሞ/ዊ ቃልስና ኣብ ዝሓለፈ መስርሕ ይኹን ኣብዚ ግዜ'ዚ ዝውቀሰሉን ብናይ ቃልሲ ኣድላይነትን ገምጋምን፡ ከውገድ ዘይተኻእለን ዘሎ ናይ ቃልሲ ድኽመትን፡ መሻርኽትኻ /መቓልስትኻ/ ከም መዳርግትን ተሓጋጋዛይ ናይ ቃልስን ጌርካ ብምርእይ ምሕዝነትካ ኣደልዲልካ፡ ተደጋጊፍካን ተወሃሂድካን ክትቃለስ ዘይምብቃዕ ባህርን ጸገምን 'ዩ። ንሱ ከኣ ብሓባር ተቓሊስካ ከውገድ ዘለዎ ናይ ሓባር ጸላእን፡ መድረኻዊ ዕማምን እናሃለወካ ኣብ ክንዲ ፍልጠትካ፡ ዓቅምኻን ትሕዝቶኻን ወዲብካን ኣወሃሂድካን ክትቃለስ ምምራጽ ብኣንጻሩ፡ ብናይ መጻኢ ፍሉይ ዕላማኻን ፖለቲካዊ ጠቐምኻን እናተዓቘነ ነቲ ኣብዚ መድረኽ እዚ ብሓባር ክዕመም ዘለዎ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ዕማማት ትሑት ግምት ብምሃብ፡ ኣብ ምሸኽኻዕን ምድንጋርን ዝተሰረተ ሜላ ብምኽታል ካብ ሎሚ ጀሚርካ ናይ ቃልሲ ተሳትፎኣምን ኣበርክተኣምን ክትድርቶም ውልቀ ዓቕምን ውድባዊ ልዕልነትን ጸብለል ንምባል ዝፍተን ተግባራት ሎሚ'ውን ዝተረፉ ኣይኮኑን።

እዚ ከምዚ ዓይነት ፖለቲካዊ ፈተነን ተዋሰኦን እዚ ድማ ከምቲ"ዓሻ ሰብስ ን...ከም ዘይውላዱ ይርኢ"ዝበሃል ምስላ ብናይ ውልቀ መጻኢ ዕላማኻን ስልጣንካን ጥራሕ ተገዛኢ ብምኽን ነቲ ምስ መቓልስትኻ ተሓባቢርካ ክዕመም ዝግባእ መድረኻዊ ናይ ቃልሲ ዕማማትን ናይ መጻኢ ሃገራዊ ሽቶታትን ክመክን ዝገብር ግጉይ መማረጺ ብምሓዝ ዝግበር ንጹልን ነጻግን ኣገባብ ቃልሲ እየ። እዚ ከኣ ነቲ ብሓባር ክቃለስ ዝግበኦ ሓይልታት ብሓባር ኣድማዒ ናይ ቃልሲ ዕማም ከየሳላስል ዝዓግት፡ ነዚ ግጉይ ሜላ ዝኽተሉ ኣካላት ድማ ዘዳኽም ካብ ምኽን ሓሊፉ፡ ነቲ ናይ ርሑቕ ዕላማ በቲ ዝድለ ቅልጣፈን ምልኣትን ንክይዕመም ዝገብር'ውን እየ። ብመድረኽ ኣንጻር ክረአ ከሎ ድማ፡ ንደምበ ተቓውሞ ዝሃስን ዘዳኽምን፡ ንደንበ

ጸላኢ ድማ ግዝያዊ እፎይታ ካብ ምሃብ ሓሊፉ ዕድመ ኣፍራሲ ስልጣኖም ዘናውሕ ኩነታት ‘ዩ ዝፈጥር። ስለዝኾነ፡ እዚ ኣብዚ ግዜ’ዚ ዝረአ ዘሎ ብዝተፈላለየ ኣስማትን ሜላን ዝግለጽ ፖለቲካዊ ንጥፈታት፡ ተነጻጺልካ ምጓዓዝ ከስዕቦ ዝኽእል ጸገማትን

ዕንቅፋታትን ብዘይምርዳእ ዲዩ፡ እናተነጻጸልካ ቃልሲ ምክያድ ዝምረጽ ዘሎ? ወይስ "ዘጋጠመ የጋጥም ንጽባሕ ዘይደልዮም ሓይልታት /ውድባት ካብ ሎሚ እናዳኸምኩ ነብሰይ እናሃነጽኩ ልዕልነተይ ዘረጋግጸሉ ኩነታት/ኣገባብ/ክኽተል ኣለኒ"ዝብል ሓላፍነትን ተሓታትነትን ዝጐደሎ ምርጫ ብምርኣይ ተነጻጺልካ ምቅላስ ስለ ዝተመረጸ እዩ?

ኣብዚ ግዜ’ዚ ብስም ንገለ ሓለፍቲ ህግደፍ ካብ ስልጣን ብምእላይ ጽግና ንምኽያድ፣ ናይ ዝጸንሐ ስም ውድብካ ዳግም ብምልዓልን፡ ብስም ናይ ህዝቢ ምንቅስቓስን ናይ ተቓወምቲ ማሕበረ-ኮም ንምውዳብ ፈተነ እናተገብረ፤ንብዙሓት ኣባላት ደምበ ተቓውሞ ዝኾና ውድባት ከም ዘይኣድለይትን ናይ ቃልሲ ኣበርክቶኣን ዘእከላን ከስገራ ዘለወንን ጌርካ ብምርኣይ፡ በብውልቅኻ ንህዝቢ እንተስ ብምድንጋር ወይ ብካልእ ዘይሓጋዚ ሜላ ተጠቒምካ ዝፈታተን ዘሎ ናይ ቃልሲ ተርእዮ ሓጭፍን ኣዋሃሃድን ዘይኮነስ፡ ብኣንጻሩ ነቲ ሕሉፍ ናይ ሰውራና ኣሉታዊ ፖለቲካዊ ተሞክሮ ዝደግምን ሂወት ሰኹዑ ክቕጽል ዝገብር ዘይቅኑዕን ድሑርን ፖለቲካዊ ፈተነን ኣንፈትን እዩ ዝንጸባረቐ ዘሎ።

ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ህዝብን ሃገርን ለኪሙ ክሳርብ መዓልቲ ዕለተ-ሞቱ እናተጸበየ ህዝብን ሃገርን ኣብ ዘይህልውንኡ ከም ህዝብን ሃገርን ሓድነቶም ሓልዮም ንከይቅጽሉ ንምግባር፡ ዘካይዶ ዘሎ እከይ ተግባራት ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ ኣሰካፍነቱን ዕቤት ሓደግኡን ኣብ ዝብርኽሉ ዘሎ ግዜ፡ ተነጻጺልካን ሓደ ነቲ ካልእ ተቓዋማይ ኣፍልጦን ክብርን ከይሃበን እናኣግለለን ዝግበር ቃልሲ ዘይዕወት ካብ ምኽን ሓሊፉ፡ ንተቓወምቲ ሓይልታትና ዘዳኽም፡ ንጸላኢ/መ/ህግደፍ/ ድማ ግዝያዊ እፎይታ ዝህብ ምኽኑ እዞም ዘይድግፍን ዘየዋጽእን ኣንፈት ናይ ቃልሲ ዝኽተሉ ዘለዉ ኣካላት ክርድእዎ ዘለዎም ጉዳይ እዩ።

ሓፋሽ ህዝብታትና ድማ ብሓፈሻ፡ ኣብ ዙርያ እዞም ተነጺሎም ንካልኦት ናይ ምግላል ሓሳብ ብምሓዝ ክቃለሱ ዝመርጹ ዘለዉ ግጉያት ኣካላት ዝርከቡ ድማ ብፍላይ፡ ኣብዚ ህዝብታትናን ሃገርናን ናብ ሓደጋ ውድቀትን ምብትታንን ብዝኽፍኦ መልከዐ ዝሳጥሕሉ ዘለዉ ህሞት፡ ምድሓን ህዝብን ሃገርን ዘለካ ዓቕሚ ተቓዋማይ ጠርኒፍካን ኣወሃሂድካን ኣትቃለሰሉ ወቕትን ኩነታትን ደኣምበር ብኣንጻሩ ተቓዋማይ ሓይልኻ ኣብ ሓደ ሃገራዊ መስርዕ ከይጸመድካን ከየወሃህድካን ብዝግበር ቃልሲ ምዕዋት ከም ዘይካኣል ፈሊጡም፡ ምስ’ዞም ነዚ ነጻጺልን ኣዳኻሚ ሃገራዊ ሓይልን ዝኾነ ግጉይ ሜላ ዝኽተሉ ዘለዉ ኣካላት ብስምኺት ወይ ብዘይፍላጥ ከይስለፉን ንፍሽለት ከይሳጥሑን ክጥንቀቑ፣ ነዞም ግጉይ ኣገባብ ቃልሲ ዝኽተሉ ዘለዉ ኣካላት ድማ ክቃወሙን ንምእራሞም ክቃለሱን’ዩ ዝግባእ በሃላይ እየ። ምኽንያቱ ንሓደ እናነኣአስካን እናዋሰንካን ብተናጸል ዝግበር ቃልሲ ንሃገራዊ ዓቕምታትናን ውህደትናን ብምድኻም ሓርነታዊ ቃልስና ክዕንቀፍን ክደናጐን ዝገብር ውጽኢቱ ድማ ፍሽለትን ዳግማይ ስዕረትን ከስዕብ ስለ ዝኽእል።

ስለ ዝኾነ ሓፋሽ ህዝብታትናን ሓላፍነት ዝስመዖም ተቓለስቲ ሓይልታቶምን ነዚ ግጉይ ኣገባብ ቃልሲ ንምእራሙ ይኹን ተኣሪሙ ደምበ ተቓውሞና ዋላ ብዝተሓተ ደረጃ’ውን ይኹን ተኣማሚኑን ተደጋጊፉን ንኣረሜናዊ ስርዓት ህግደፍ ንሕንሳእን ንሓዋሩን ንምውጋድ ብንቕሓት ክንቃለስ፤ ንጉጉያትን ኣግለልትን ናይ ቃልሲሜላታት ብምምኻት ህዝብን ሃገርን ካብ ውድቀትን ምብትታንን ንምድሓን ውህደትን ውሕስነትን ዝህብ ናይ ቃልሲ ኩነታት ብምፍጣር ክንቃለስ ክንበቅዕ ኣለና እብል።

ካብ፡ ስብሓት-ለኣብ ኣብራሃ
ከሰላ ሱዳን